ሓዳስ ኤርትራ

መበል 33 ዓመት ቁ. 236 | ቀዳም 1 ሰነ 2024 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 3
ኣገዳስነትን ብልጫታትን ምሩጻት ኣዝርእቲ

ገጽ 4
ሕርቃንካ ስ ተቖጻጸር ደኣ



ገጽ 5
ጽውጽዋይን ሓቂን ቁጠባዊ ግሎ




ገጽ 7
ሰውራ ኤርትራ ዝመሃዞ፡ ፍቱን መድሃኒት ስነ-ኣእምሮ



ገጽ 11
ግጥማት ኩዕሶ መርበብ ጋሽ ባርካ ተዛዚሙ



# መልእኽቲ ዮሃና መራሕቲ ሃገራት ይቕጽል



መራሕቲ የመን፡ ሞንጎልያን ታይላንድን፡ ብምኽንያት መበል 33 ዓመት በዓል ናጽነት፡ ናብ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ናይ ዮሃና መልእኽቲ ሰዲዶም።

ኣቦመንበር ባይቶ ፕረዚደንታዊ መራሕነት የመን ዶ/ር ራሻድ መሓመድ ኣልዐሊሚ፡ ፕረዚደንት ሞንጎልያ ኽረልሱኽ ኡኽና፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ንግስነት ታይላንድ ስሬትሃ ታቪሲን ብስም መንግስታቶምን ሃገራቶምን ከምኡ'ውን ብስሞም ኣብ ዝሰደድዎ መልእኽቲ፡ ንፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ምሉእ ጥዕናን ናይ ስራሕ ኣሳልጦን፡ ንኤርትራን ህዝባን ድማ ራህዋን ብልጽግናን ተመንዮም።

እቶም መራሕቲ ወሲኾም፡ ምስ ኤርትራ ሕውነታዊ ዝምድና ንምምዕባልን ንምድልዳልን ዘለዎም ድሌት ገሊጾም።

# ኣምባሳደር ኣለም ጸሃየ፡ ወረቐት ስራሑ ናብ ፕረዚደንት ኔፓል ኣቕረበ

ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ህንዲ ኣቶ ኣለም ጸሃየ፡ ከም ተንቀሳቓሲ ኣምባሳደር ኣብ ኔፓል፡ ወረቐት ስራሑ ንፕረዚደንት ራምቻንድራ ፓውዴል ኣረከበ።

ኣብ'ቲ ብ30 ግንቦት ኣብ 'ካትማንዱ' ዝተኻየደ ስነስርዓት፡ ኣምባሳደር ኣለም፡ መልእኽቲ ሰናይ ምንዮት ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ድሕሪ ምብጻሕ፡ ዝምድና ኤርትራን ኔፓልን ንሓባራዊ ረብሓ ብዘበልግል ንምምዕባል ከምዝሰርሕ ሓቢሩ።

ፕረዚደንት ራምቻንድራ ብወገኑ፡ ንኣምባሳደር ኣለም ኣሳልጦ ድሕሪ ምምናዩ፡ ንፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ሰናይ ምንዮቱ ኣመሓላሊፉ።

ፕረዚደንት ራምቻንድራ ኣስዒቡ፡ ሃገሩ ምስ ኤርትራ ኣብ ቁጠባዊ መዳያት ብሓፈሻ፡ ኣብ ሕርሻ ድማ ብፍላይ ክትተሓጋገዝ ቅርብቲ ምኳና ገሊጹ።



# ኣብ ጁባ፡ ትሪፖሊ፡ ኦሃዮን ኣትላንታን በዓል ናጽነት ኤርትራ ብልዑል ወኒ ተጸምቢሉ

ኣብ ሪፓብሊክ ደቡብ ሱዳን፡ ሊብያ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ኦሃዮን ኣትላንታን ዝነብሩ ኤርትራውያን፡ "ውሕስነት ሰላም ብመኸተ" ብዝብል ቴማ፡ ዝኸሪ መበል 33 ዓመት ናጽነት ኤርትራ ብልዑል ወኒ ኣብዒሎም።






ብ26 ግንቦት ኣብ ጁባ ኣብ ዝተኻየደ፡ ሰብ-ስልጣን መንግስቲ ደቡብ ሱዳን፡ ኣብ'ታ ሃገር ዝመደበሮም ዲፕሎማሰኛታት፡ ዕድመ ዝተገበረሎም ኢጋይሻን ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ኤርትራውያንን ዝተሳተፍዎ ውዕውዕ ጸምብል፡ ኣምባሳደር የውሃንስ ተኽለሚካኤል፡ ናጽነትን ልኡላውነትን ኤርትራ ረዚን ዋጋ ወለዶታት ተኸፊሉዎ ዝተረጋገጸ ምኳኑ ጠቒሱ፣ ኣብ ወፍሪ ህንጸት ሃገር - ኩሉ ዜጋ እጃሙ ከዕዝዝ ጸዊዑ።

ኣቦመንበር ኣወሃሃዲ ሽማግለ በዓላትን ሃገራዊ ሽማግለን ኣቶ ማሪቆስ መርሃጽዮን ብወገኑ፣ ብልዑል ሞራልን ሃገራዊ ኩርዓትን በዓል ናጽነትና ክንጽምብል ምብቃዕና፡ መርኣያ ስጡመትናን ሓድነትናን ከምዝኾነ ገሊጹ።

ከም ኣካል ናይ'ቲ ጸምብል፡ ብ23 ግንቦት - ብባንዴራ ኤርትራ ዝተሸለማ መኪይን፡ ኣብ ቀንዲ ጎደናታት ከተማ ጁባ ብሰልፊ ዞይረን።

ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ሊብያ - ኣብ ከተማ ትሪፖሊ ኣብ ዘወደቦ ስነ-ስርዓት ድማ፡ ኣብ ሊብያ ዝመደበሮም ዲፕሎማሰኛታት፡ ወከልቲ ምትእኽኻብ ሳሕለ-ሰሃራን ብርክት ዝበሉ ዜጋታትን ዝተሳተፍዎ ጸምብል ተኣንጊዱ።

ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣቶ ኣደም መሓመድ-ዓሊ፡ ህዝቢ ኤርትራ ንናጽነቱ ብዙዕባ ዘጥፈኦ ቃልሰን ዝኸፈሎ መስዋእትን መብርሂ ሂቡ።

ኣብ ሕ.መ.ኣ. ኣብ ኮሎምባስ - ኦሃዮ ዝነብሩ ኤርትራውያን፡ ብ26 ግንቦት ኣብ ዘካየድዎ - ልዑል ተሳታፍነት ዜጋታት ብሓፈሻ ናይ መንእሰያት ድማ ብፍላይ ዝተራእዮ ጸምብል ከኣ፡ ንክፍለ-ሃገር ኦሃዮ ብምውካል ኣባል ባይቶ ወከልቲ ህዝቢ ዝኾኑ በዓል-ስልጣን ብኣካል ተረኺቦ ደገፉ ንህዝቢ ኤርትራ ገሊጹ።

ኣብ ኣትላንታን ከባቢኣን ብተመሳሳሊ - ኣብ ኣዳራሽ ማሕበረ-ኮም ብዝተፈላለየ መሰናድኦታትን ሃገራዊ ደርፍታትን ከምኡ'ውን ብ'መንእሰያት ሕድሪ' ዝተዳለወ ትልሂት ብዝሓረትና ዝማዕረገ በዓል ተኻዪዱ።



# በዓል ናጽነት ኤርትራውያን ኣብ ወጻኢ - ይቕጽል





ማብል 33 ዓመት በዓል ናጽነት ኤርትራ፣ ኣብ ኣንኮ፡ ኦስሎ - ኖርወይ፡ ሎሱኣንጀለስን ሳንድያጎን - ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካን ኣብ ፓሪስ - ፈረንሳን ብዓቢ ድምቀትን ዕዙዝ ተሳትፎ ዜጋታትን ተጸምቢሉ።

ኣብ ኣንኮላ - ከተማታት ልዋንዱ፡ ሉጥሃ፡ ቤንጉኤሉ፡ ህዋምጦን ካልኦትን ዝነብሩ ዜጋታት - በብከተማኦም ዝወደብዎ ድሙቕ ጽምብላት፡ ንጥምረቶምን ምስ ሃገሮም ዘለዎም ድልዱል ምትእስሳርን ዘጉልሐ ነይሩ።

እቲ ስነስርዓት ብባህላዊ፡ ስነጥበባውን ስፖርታውን ንጥፈታት ዝተሰነየ ክኸውን እንከሎ፡ ኣብ ልዋንዳ ዝተኻየደ በዓል ብፍላይ - ካብ ኤርትራ ዝኸዱ ህዝባዊት ደምጻውያን ብዘቕረብዎ መዘናግዒ መደብ ማዕርጉ ነይሩ።

ኣቦ'ቲ ኣጋጣሚ፡ እቶም ዜጋታት - ንደቆም ብሃገራዊ ክብረታት ክኾስኩሱን ሃገራዊ መደባት ንምዕዋት ኣበርክቶኦም ከዕዝዙን፡ ውዳቤታቶም ኣሐይሉም ዝያዳ ክስርሑን ዘለዎም ድሉውነት ኣረጋጊጾም።

ኣብ ኦስሎ ኣብ ዝተኻየደ፡ መንእሰያት ብዝበዝሐ ዝተሳተፍዎ በዓል'ውን፡ እቶም ዜጋታት - "ክብርን ሞገስን ንጀጋኑ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ!" ብምባል፡ መሳርያም ኣሰጢሞም መድረኽ ዝጠልቦ ግቡኣት ከማዝማልኡ ገሊጾም።

ኣቦ'ቲ ኣጋጣሚ፡ ትምህርቶም ንዝዛዘሙ መንእሰያት፡ ወረቐት ምስክር ተዓዲሉ።

ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ድማ፡ ማሕበረኮም ኤርትራውያን ሎሱኣንጀለስ ብ26 ግንቦት ብመልክዕ ፈስቲቫል ዝወደቦ ንጥምረቱ ዘንጸባርቕ ጽምብል፡ ብዝተፈላለየ መደባት ኣወቂቡ።

ኣብ ሳንሆዜን ከባቢኣን ኣብ ሳንድያጎ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ዝተፈላለያ ከተማታት ካናዳ እውን - ብርክት ዝበሉ ዜጋታትን መሓዙት ኤርትራ ኣመሪካውያንን ኣብ ዝተረኽቡሉ ብድምቀት ከምእተባዕለ - ዝጽድሓና ሓበሬታ ኣረዲኡ።

ኣብ ፈረንሳ ብተመሳሳሊ፡ ኤርትራውያን ነበርቲ ናንትን ፓሪስን - በዓሎም ብውዕውዕ ሃገራዊ መንፈስ ጸምቢሎም።

## "ጀጋኑ ኣብ ዝወደቑሉ ልኡላዊ መሬት ምውዓልና - ድርብ ሓጎስ ፈጢሩልና"

ቅንያት ናጽነት ኣብ ሃገሮም ንምሕላፍ ካብ ዝተፈላለያ ሃገራት ኤውሮጳ ዝመጹኡ ዜጋታት፡ መበል 33 ዓመት በዓል ናጽነት፡ ምስ'ቶም ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ባድመ - ንኡስ ዞባ ሻምብቆ ዝርከቡ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል - እዚ ምዕራብ ኣብዒሎም።

ብ26 ግንቦት ኣብ ዝተወደበ ስነስርዓት፡ እቶም ዜጋታት ኣብ'ቲ ከባቢ ብዝርከባ ኣሃዱታት ብዝተገበረሎም ምዕሩግ ኣቀባብላ ተዓጂቦም፡ ወያነ ኣብ 1998 ብዝፈጸሞ ናይ ቃጻ መጥቃዕቲ ዝተሰውኡ 8 ሓርበኛታት ዝወደቑሉ ቦታ ብምብጻሕ - ናይ ዝክረ ሰማእታት ስነስርዓት ኣካዪዶም፡ ንውዕሎ ናይ'ቶም ጀጋኑን ሽው ዝነበረ ኩነታትን ዝምልከት መብርሂ ተዋሂብዎም።

ብድሕሪዚ፡ ንክብሪ ናጽነት ኣብ ዝተወደበ - ኣከዘቲ እዚ ምዕራብ፡ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ሻምብቆ ኣቶ ካሕሳይ ኣስራት፡ ህዝብን ሰራዊትን ዝተሳተፍዎ ጽምብል፡ ኮሎኔል ሐመድ ሰሌማን እቶም ዜጋታት ዝወሰድዎ ተበግሶ፡ መርኣያ ናይ'ቲ ንሰራዊቶም ዘለዎም ክብሪ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ብስም'ቶም ኣቦ'ቲ ከባቢ ዝርከቡ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ምስጋና ኣቕሪቡ።

ኣዛዚ እዚ ምዕራብ ብርጋዴር ጀነራል እዮብ ፍስሃየ (ሓሊባይ) ድማ፡ ኣብ ወጻኢ ዝቕመጡ ኤርትራውያን ራብዓይ ግንባር ብምፍጣር ዘካይድዎ ዘለዉ ቃልሲ፡ ምስ'ቲ ኣብ ውሽጢ - ብህዝቢ፡ መንግስትን ሰራዊትን ዝካየድ ዘሎ ተደማሪ፡ ንኹሎም ዝተኣልሙ ውዲታት ኣብ ምብርዓን ዝጻወቶ ዘሎ ተራ ቀሊል ከምዘይኮነ ብምሕባር፡ ምስ ሓይልታት ምክልኻል ምውዓልን ስፍራ ጀጋኑ ምብጻሕን ፍናን ዘሰንቕን ድምቀት ዝወሰኽን ከምዝኾነ ገሊጹ።

ተሳተፍቲ ዑደት፡ ኣብ ቅንያት ናጽነት ኣብ'ቲ ምእንቲ ልኡላውነት ሓያል ምርብራብ ዝተኻየደሉን ጀጋኑ ዝወደቑሉን ልኡላዊ መሬት ኤርትራ ምብጻሕን ምስ ምዑታት ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ምውዓልን ድርብ ሓጎስ ከምዝፈጠረሎም ገሊጾም።

## ኣግሮ-ኢንዳስትሪ ዒላበርዕድ፡ ኣብ ምምስራሕ ውጽኢት ጸባ ገስጋስ የመዝግብ

ኣግሮ-ኢንዳስትሪ ዒላበርዕድ፡ ዘተባብዕ ውጽኢት ዝተረኽቦ ምምስራሕ ውጽኢት ጸባ ብዘለዓለ ከምዝቐጸሎ ኣፍሊጡ።

ኣቦ'ቲ ኢንዳስትሪ ክኢላ ውጽኢት ጸባ ኣቶ ዓወት ካሕሳይ፡ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ኣቦ'ቲ ትካል ዝመጽእ ዘሎ ለውጢ ዝምስክሩ ምኻኑ ብምግላጽ፡ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ፎርማጆ ሞሳሬላ፡ በርን ጠስሞጊን ደፈሪ ከምዝሎ፣ ኣብ ቀረባ መጻኢ ድማ ተወዳዳሪ ርግኣ ንምፍራይ መደብ ከምዝሎ ሓቢሩ።

መጠን ምህርቲ ምስ ቀረብ ጸባ ክብን ለጠቐን ዝብልኺ እንተኾኑ፡ መዓልታዊ ክሳብ 4 ሽሕ ሊትሮ ከምዝምስራሕ፡ ካብ'ዚ ድማ ክሳብ ክልተ ኩንታል ፎርማጆ፡ ከምኡ'ውን ልዕሊ 600 ሊትሮ ጠስምን ሞሳርላን ከምዝዳሎ፡ ብዝወሳኺ ገሊጹ።

ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ዝፈሪ ዘሎ ውጽኢት ጸባ፡ ብርትዓዊ ዋጋ ናብ ዕዳጋ ኣስመራ ከምዝሰደድ ዝሓበረ ኣቶ ዓወት፡ ኣብ መጻኢ ናብ ከረን፡ ዒላበርዕድን ካልእ ቦታታትን ንምስፋሑ መደብ ከምዝሎ ኣፊሩ።

እቲ ትካል በበእዋኑ ብንዋትን ዓቕሚ-ሰብን እናማዕበለ ይመጽእ ምህላዉ ብምግላጽ ድማ፡ ሞያ ምምስራሕ ውጽኢት ጸባ ናብ መንእሰያት ንምስግጋር ብዙሓደለ ይሰርሓሉ ከምዝሎ ኣብሪሁ።




ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣሰፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ
ቤተልሄም ታደሰ
ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

# ፍረ ጻዕሪ

ሕርሻን መግብን

መድሃኔ ጸጋይ

# ኣገዳስነትን ብልጫታትን ምሩጻት ኣዝርእቲ

ክቡራት ኣንበብቲ ዓምዲ ፍረ-ጻዕሪ፡ ናይ ሎሚ ትሕዝቶ ናይ'ዚ ገጽ፡ ምሩጻት ወይ ብቕዓቶም ዝሓለዉ ኣዝርእቲ ኣብ ዘለዎም ኣገዳስነትን ብልጫታትን ዘተኰረ ኲይኑ፡ ነዚ ዝምልከት መብርሂ ዝሃበና፡ ኣብ ሃገራዊ ትካል ሕርሻዊ ምርምር፡ ከም ሓላፊ ጨንፈር ምርምር ምምሕያሽ ዘራእቲ ዝነጥፍ ላዕለዋይ ተማራማሪ፡ ኣቶ ንጉሰ ኣብራሃ እዩ፤ ሰናይ ንባብ።

** ምሩጻት ኣዝርእቲ ምጥቃም ኣገዳሲ ዝኾነሉ ምኽንያት*

ኣብ ምኽዕባት እቶትን እቶታውነትን፡ ዓይነት ዘርኢ ሓደ ካብቶም ቀንዲ ረቛሒታት እዩ። ተጠቃምነት ብቕዓቱ ዝሓለወ ዘርኢ፡ ምህርቲ ብዝተዓጻጸፈ ደረጃ ክብ ንኽብል ይሕግዝ። በዚ ምኽንያት እዩ እምበኣር፡ ብቑዓት ኣዝርእቲ ምዝራእ፡ ኣብ ምምሕያሽ ቍጠባ ብሓፈሻ፡ ኣብ ምምዕባል ጽላት ሕርሻ ድማ ብፍላይ፡ ዓቢ ግደ ከም ዝጻወት ስትራተጂ ጌርና እንወስዶ።
ከም ዝፍለጥ፡ ቴክኖሎጂ፡ ጽላት ሕርሻ፡ ካብ ያታዊ ናብ ዘመናዊ ኣገባብ ማሕረስ ተሰጋጊሩ፡ ካብኡ ሓሊፉ'ውን ምህዞኣዊ



ወይ ብልሓታዊ ሜላ ድዩስ ናውቲ ኣተኣታትዩ፡ ምህርቲ ብብዝሕን ዓይነትን –ምስ ናይ ውሕስነቱ– ንክኽዕብት ኣዝዩ ሓጋዚ እዩ። ብፍላይ ኣብ'ተን ምንጪ ቍጠባአን ብዝያዳ ኣብ ሕርሻ ዝምርኮስ ሃገራት፡ ተጠቃምነት ምዕቡል ኣገባብ ማሕረስ ኣገዳስን ወሳንን እዩ። ምምዕባል ምሩጻት ኣዝርእቲ ድማ ኣካል ምዕቡል ኣገባብ ማሕረስ እዩ።
ምስ ምውሳኽ መጠን ህዝቢ ዓለም፡ ቀረብን ውሕስነትን መግቢ ምርግጋጽ፡ ብዘይ ህላውነት ምሩጻት ኣዝርእቲ ኣምበይ ምተኻእለን። ልዑል ምህርቲ ዝህቡ ዓሌታት ኣዝርእቲ ምትእትታውን ምሕራይን ዘውሕስዎም ጥቕምታት ብዙሓት ኲይኖም፡ ገለ ካብኣቶም ልዑል ተጻዋርነት ሕማማትን ሓሳኹን፡ ከምኡ'ውን ብቐሊሉ ዘይረግፍ ፍረ ዘለዎም ብቕልታት ምውናን፡ ክንጠቅስ ንኽእል።
እቶም ኣውራ ብልጫታት ናይ ተጠቃምነት ምሩጻት ኣዝርእቲ እዞም ኣብ ላዕሊ እተጠቕሱ ክኾኑ እንከለዉ፡ ምስኦም ተኣሳሲሮም ዘይተርፉ ገለ ብድሆታት ክህልዉ ግን ይኽእሉ እዮም። ከመይሲ፡ መስርሕ መፍረን ተጠቃምነትን ምሩጻት ኣዝርእቲ ብእተፈላለዩ ረቛሒታት እዩ ዝጽሎ። እምበኣርከስ፡ ምስ ዘውታረ ምሩጻት ኣዝርእቲ ተኣሳሲሮም ከም ማሕንቖታት ዝጥቀሱ ገለ ኣብነታት ንመልከት፦
- ትሑት ክኢላዊ ዓቕሚ-ሰብ ወይ ኣፍራይነት
- ዘይብቑዕ ቍጽጽራዊ ዓቕሚ (ንዘርኢ ይኹን ንዕዳጋዊ መስርሓት ዝምልከት)
- ዘይግቡእ ኣጠቓቕማ ምህዞኣዊ ሜላ
- ኣብ መዳይ ምምዕባል እተመሓየሹ ኣዝርእቲ ትሑት ደረጃ ወፍሪ ምህላው

** መስርሕ ምምዕባል ምሩጻት ኣዝርእቲ ኣብ ሃገርና ብኸመይ እዩ ዝሰላሰል?*

ብቕዓቶምን ደረጃኦምን ዝሓለዉ ኣዝርእቲ ምውናን፡ ኣብ ምብርካት ምህርቲ መሰረታዊ ቅድመ-ኩነት ስለዝኾነ፡ ብሃገራዊ ትካል ሕርሻዊ ምርምር (NARI)፡ ሓያለይ ምሩጻት ኣዝርእቲ ናይ ምምዕባል ተበግሶታት ተወሲዶም ኣለዉ። መስርሕ ምምዕባል ናይ ዝኾነ ይኹን ዓይነት ምሩጽ ዘርኢ ምስተዛዘመ፡ ቅምሶኡ ናብ ክፍሊ ኣገልግሎት ሕጋጋትን ቍጽጽርን ሚኒስትሪ ሕርሻ እዩ ዝለኣኽ። እዚ ክፍሊ እዚ ብወገኑ፡ ብቕዓት ናይ'ቲ ዘርኢ ኣረጋጊጹ፡ ኣብ ወግዓዊ መዝገብ የሰፍሮን ምስክር ወረቐት ብቕዓት ይህበሉን እሞ፡ ደጊም እቶም እተመሓየሹ ኣዝርእቲ ናብ ሓረስቶት ንኽበጽሑ ክሕለፉ ዘለዎም መስርሓት ክትግበሩ ይኽእሉ። ስለዚ፡ ቀጺሎም፡ እቶም መሰረታውያን ምሩጻት ኣዝርእቲ ብኽኢላታት ይባዝሑ። እቶም መሰረታውያን ኣዝርእቲ ናብ ክፍሊ ሕርሻዊ ኤክስቴንሽን እዮም ዝለኣኹ። እዚ ክፍሊ፡ መሰረታውያን ኣዝርእቲ ናብ ሓረስቶት ብምዕዳል ከም ዝባዝሑ ናይ ምግባር ሓላፍነት ይስከም። ቅድሚኡ ግን፡ ዝማዕበሉ ኣዝርእቲ ብሃገራዊ ሽማግለ ምምዕባል ምሩጻት ኣዝርእቲ ይግምገሙን ብቕዓቶም ይረጋገጽን፤ ምስክር ወረቐት ብቕዓት'ውን ይወሃቦሎም። እቶም ነዚ መስርሕ ሓሊፎም ብቑዓት ኲይኖም እተረኽቡ ኣዝርእቲ፡ ንኽባዝሑ ናብ ሓረስቶ ምስተዘርግሑ፡ ድሕሪ ናይ እቶት ወቕቲ፡ ኣሃዱ ዕዳጋን ልቓሕን ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ካብ እዋናዊ ዋጋ ናይ 25% ወሰኽ ገይሩ ይዕድጎም እሞ፡ ኣብ መኽዘን ዓቂብዎም ጸኒሑ፡ እንደገና ኣብ ዝስዕብ ወቕቲ ንሓረስቶት ከም ዝዕደሉ ይገብር።

** መምዘኒታት መቆጻጸሪ ብቕዓት ዘርኢ*

ብቕዓቱ ዝሓለወ ዘርኢ ንሓረስቶት ምዕዳል ዘለዎ ኣገዳስነት ኣዝዩ ልዑል እዩ። ካብ'ቶም ብቕዓት ኣዝርእቲ ተሓልዩ ዝቕጽለሎም መገድታት፡ እዞም ዝስዕቡ ክንጠቅስ ንኽእል፦
- እቲ ቐዳማይ መገዲ፡ ኣተሓሕዛ ናይ'ቶም ኣብ ትሕቲ ሓረስቶት ዝርከቡ ብቕዓቶም ዝሓለዉ ኣዝርእቲ ከምዝሕይል ምግባር'ዩ። እዚ ድማ ንቕሓት ሓረስቶት ክብ ከምዝብል እሞ፡ ንግቡእ ኣተዓቃቕባ ብቕዓቱ ዝሓለወ ዘርኢ ከምዝደፍኡሉ ንምግባር፡ ጕስጓስ ብምኽያድ ክዉን ክኸውን ይኽእል
- እቲ ኻልኣይ መገዲ፡ በቲ ኻልእ መዳይ፡ ምሕያል ዘቤታዊ ወይ ውሽጣዊ ብቕዓት ናይ ኣገባባት ቍጽጽር ዘጠቓልል'ዩ። ነፍሲ-ወከፍ ዘርኢ ዘማዕብል ትካል፡ ንዘቤታዊ ቍጽጽር ብቕዓት ኣብ ተግባር ከምዘውዕሎ ብምግባርን ንትካላት ምምዕባል ኣዝርእቲ ብምሕያልን፡ ኣብ ዕዳጋታት ብቕዓቶም ዝሓለዉ ኣዝርእቲ ንኽሸየጡ የተባብዕ።
ኣብ'ዚ እዋን እዚ ክልተ ዓይነት መደብ ደጋዊ ቍጽጽር ብቕዓት ኣብ ተግባር ውዒሎም ንረኽቦም። እቲ ሓደ፡ ምስክር ወረቐት ብቕዓት ዘርኢ ብምሃብ ዝትግበር መስርሕ ቍጽጽር ክኸውን እንከሎ፡ እቲ ኻልኣይ ድማ ብደረጃ ዕዳጋ ዝዕመም መስርሕ ቍጽጽር እዩ።





ብቕዓቱ ዝሓለዉ ዘርኢ ምጥቃም፡ ምህርቲ ሓረስቶት ብብዝሕን ዓይነትን ርቡሕ ንኽኸውን፡ ኣዝዩ ወሳኒ እዩ። ልዑል ደረጃ ብቕዓት (ልዑል ዓቕሚ ተጻዋርነት ባልዓት፡ ድርቕን ዕልቕልቕን) ዘለዎም ኣዝርእቲ፡ ምስ ክሊማዊ ለውጢ ብዝተኣሳሰሩ ስግኣታት ብዙሕ ተጸለውቲ ስለዘይኰኑ፡ ሓረስቶት ቀለቦም ኣውሒሶም መነባብሮኦም ንኸማሓይሹ ይሕግዙ። ሳላ እናተመሓየሸ ዝኸይድ ዘሎ ተበጻሕነት መልእኽትታት ጕስጓስ፡ ከምኡ'ውን ንዕኦም ዝድግፉ ዜናዊ ስራሓት፡ ሕብረተ-ሰብ ብዛዕባ ጠቕሚ ምሩጻት ኣዝርእቲ ዘለዎ ኣፍልጦ ብሓፈሻኡ ክብ ኢሉ ስለ ዝርከብ፡ ብዝሒ ናይ'ቶም ምሩጻት ኣዝርእቲ እናተጠቕሙ ምህርቶም ዘኻዕብቱ ዘለዉ ሓረስቶት ካብ ግዜ ናብ ግዜ ክውሰኽ ይረአ ኣሎ።

** እቶም ኣብ መስርሕ ምምዕባልን ምብዛሕን ኣዝርእቲ ወሳኒ ተራ ዝጻወቱ ኣካላት ኣየኖት እዮም?*


መስርሕ ምምዕባልን ምብዛሕን ኣዝርእቲ ሃገርና፡ ክፍልታት ሚኒስትሪ ሕርሻ ንዝኾኑ ሃገራዊ ትካል ሕርሻዊ ምርምር፡ ክፍሊ ሕርሻዊ ኤክስቴንሽን፡ ኣገልግሎት ሕጋጋትን ቍጽጽርን፡ ከምኡ'ውን ንሓረስቶት ብግቡእ ብዘሳትፍ መገዲ እዩ ዝሰላሰል። ካብ ምምዕባል ዘርኢ ጀሚሩ፡ ኣብ መስርሕ ምብዛሕ ኲነ ወረቐት ምስክር ብቕዓት ኣብ ምሃብ፡ እዞም መሻርኽቲ እዚኣቶም ሓቢሮም ብትካላዊ መገዲ ይሰርሑ።

** ዕዉት መስርሕ ምምዕባል ዘርእን ኵነታት ዕዳጋን ብኸመይ ይተኣሳሰር?*

ዘይ-ከም-ካልኦት እቶት ዘኻዕብቱ ሕርሻዊ ቀረባት (ድኹዒ፡ ጸረ-ባልዕ ከሚካላት)፡ ተጠቃምነት እተመሓየሹ ወይ ብቕዓቶም ዝሓለዉ ኣዝርእቲ፡ ፍልይ ብዝበለ መልክዕ እዩ – ኣብ ልዕሊ መጠን ምህርቲ ጽልዋ ዝፈጥር። ክንዲ ዝኾነ፡ ዝማዕበለ ወይ ብቕዓቱ ዝሓለወ ዘርኢ፡ ብእኹል መጠንን ርትዓዊ ብዝኾነ ዋጋን፡ እሞ ድማ ኣብ እዋኑ፡ ኣብ ኢድ ሓረስቶት ክበጽሕ ኣሎዎ።
ኣብ ምኽዕባት እቶት ብቕልታት፡ እቲ ብቐዳማይ ደረጃ ዝጥቐስ ቅድመ-ኹነት፡ እኹል ቀረብ ናይ ልዑል ምህርቲ ዝህቡን ብቕዓቶም ዝሓለዉን ኣዝርእቲ ምውሓስ እዩ። ብቕዓት ዘሎዎ ዘርኢ ምዝራእ ጥራይ፡ ምህርቲ ካብ 10% ክሳብ 15% ብዝበጽሕ መጠን ክብ ከምዝብል ዝገብር ረቛሒ እዩ። ብዙሓት ሃገራት፡ ብሰንኪ ሕጽረት ቀረብ ናይ ብቕዓቶም ዝሓለዉ ኣዝርእቲ፡ ከም ድኹዒ፡ ጸረ-ጻህያይን፡ ጸረ-ባልዕን ዝኣመሰሉ እተፈላለዩ ኣኻዕበትቲ እቶት ንምዕዳግ፡ ገዚፍ መጠን ናይ ወጻኢ ሸርፊ ክሰልዓ ይግደዳ። ኣብ መወዳእታ ድማ፡ ብቑዕ ዘርኢ ብዘይ ምህላዉ፡ እቲ ኹሉ ሓረስቶት ኣብ ምምዕባል ገራህኦም ዝገብርዎ ወፍሪ፡ ዘተባብዕ ውጽኢት ዘይብሉ ይኸውን።

** ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ኣብ መዳይ ምምዕባል ምሩጻት ኣዝርእቲ ካብ ዘሰላሰሎም ገለ ዕማማት*

ኣብ ብርክት ዝበሉ ኣዝርእቲ ዘተኰሩ ሰፋሕቲ ምርምራዊ ዕማማት ከም እተተግበሩ ሰነዳት ሃገራዊ ትካል ሕርሻዊ ምርምር የመልክቱ። እዞም ኣዝርእቲ እዚኣቶም ካብ ብሱላት ኣእካል፡ ጥረታት፡ ናይ ቀብኢ ኣእካል፡ ከምኡ'ዉን ኣሕምልትን ፍረታትን እዮም። ንኣብነት፡ ሰርናይ ሓደ ካብ'ቶም ብኣገዳስነቶም ኣብ ቅድሚት እንሰርዖም ኣእካል ስለዝኾነ፡ ውጽኢታዊ ምርምራዊ ስራሕ ተኻዪድሉ ይርከብ። ካብ ኣሕምልቲ እውን ድንሽ፡ ብተመሳሳሊ ከም ኣብነት ክንጠቕሶ ንኽእል። ኣብ 11 ንኡሳን ዞባታት ናይ ዞባ ደቡብ እተኻየደ ዳህሳሳዊ መጽናዕቲ ከም ዘመልክቶ፡ ኣብ ምምዕባል ምሩጻት ኣዝርእቲ ሰርናይ ዘተባብዕ ስራሕ ተሰሪሑ ኣሎ። ምስ መሻርኽቲ ኣካላት ብምትሕብባር ሳላ እተኻየደ ሰፊሕ ጕስጓስ፡ ምውዳድ ቤት-ትምህርቲ ሓረስቶት፡ ሓረስቶት ኣብ'ዚ መዳይ ዘጸንሖም ንቕሓት ክብ ንኽብል ሓጊዙ እዩ። ከም ውጺኢቱ ድማ፡ ብመሰረት ኣብ ወከልቲ ሓረስቶት ኣተኩሩ እተገብረ ዳህሳሳዊ መጽናዕቲ፡ ካብ ሓደ ሄክታር፡ ካብ 40 ክሳብ 60 ኲንታል ሰርናይ ክሕፈስ ተኻኢሉ ኣሎ።



ኣቶ ንጉሰ ኣብራሃ

***

ውሑስ መኣዛዊ መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኩሉ!

# ሽባብ

ሃማመተኤ

## ሕቶ ሽባብ

ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ. ምኽሪ ብተሌፎን ካብ ዝጅምር፡ ብዙሓት መንእሰያት ተጠቀምቲ ናይ'ዚ ኣገልግሎት ኮይኖም ኣለዉ። ንኡስ ዓምዲ "ሕቶ ሽባብ" እምበኣር ንገለ ካብ'ቲ ብቑጽሪ ስልኪ 124256 ወይ ብቑ.ሳ.ጶስጣ 1042 ናብ "ሆት ላይን" ዝቐርብ ሕቶታት እያ እትምልስ።

# ሕርቃንካስ ተቘጻጸር ደኣ

ኣማኻሪ፤ ሄለው! ናብ ኣገልግሎት ምኽሪ ብተለፎን ሃማመተኤ ደዊልኩም ኣለኹም፡ መን ክብል?

ደዋሊ፤ ኣነ፡ ግርማይ እብሃል?

ኣማኻሪ፤ ካበይ ቦታ ምኳንካን ዕድሜኻንዶ ምሓበርካኒ፡ ግርማይ?

ደዋሊ፤ ቦታይ ሓጋዝ'ዩ። ዕድመይ 36 ዓመት እገብር።

ኣማኻሪ፤ እንታይ ክሕግዘካ ግርማይ?

ደዋሊ፤ ሓራቕ'የ። ንዘጋጠመኒ ኵነታት ዘይጻወርን መንጸርጸርን ዓይነት ሰብ'የ። ኵሉ ግዜ ምስ ሰባት ምርድዳእ እስእን። ኣብ ሓሳባት ካልኦት ንእሽቶ ቃሕ ዘይትብለኒ ዘረባ እንተ ሰሚዐ ምቕባላ እሕርብተኒ።

ኣማኻሪ፤ ግርማይ፡ እዚ ጠባይ'ዚ ካብ ምንታይ ዝተበገሰ ይመስለካ?

ደዋሊ፤ ብቑልዓይ እንክለኹ፡ ብሰንኪ ዋዕየይ ካብ'ቶም ስምዒቶም ዘይቀጻጸሩ፡ ብዝሓዝክዋ ወስ ዝብል ደፋርን ምንባረይ ቍሩብ እዝክር። ከምኡ ብምኳነይ ብመተዓብይተይ ኣይግዱ፡ ንሓመዱ ዝብል ሳጓታት ይጡብቀኒ ነይሩ። ንዓይ ከኣ የሻድነንን መሊሱ ፍናን ይኾነን'ሞ፡ ካብ መሳቶይ ንላዕሊ ዝና ዘረኽብኩ ኮይኑ ይስመዓኒ። ኣዕሩኽተይ እተኾኑ'ውን፡ ኣብ ክንዲ ካብ ሕርቃነይ ዝመልሱኒ፡ ከይበኣሶም ከቀባጥሩለይ ይውዕሉ ነይሮም።

ኣማኻሪ፤ ገለ ብዛዕባ ድሕረ ባይታ ስድራቤትካዶ ምሓበርካኒ?

ደዋሊ፤ ኣደይ'ኳ፡ ሕያወይትን ዓቃልን'ያ። ኣቦይ ግን ሕዱሪናይ (ነፍስሄር) እዩ። ተዋዛያይን ውዑይን'ዩ ነይሩ። ብፍላይ፡ ኣብ ጓይላ ንኽበሮ ከይተረፈ ዝዋደቐላ ዓይነት ሰብ'ዩ ነይሩ።

ኣማኻሪ፤ እሞ፡ ምስ ናይ ባህርያት ኣቦኻ ምምስሳል ይህልወካዶ?

ደዋሊ፤ የግዲ፣ ናበይ ደኣ ኩብል ኢሉ።

ኣማኻሪ፤ ሕርቃንካ ብኸመይ ዲኻ ተንጸባርቖ?

ደዋሊ፤ ብታህዲድ ዝተሓወሶ ቃላት ዓው ዓው ብምባል ክረዳድእ እፍትን። ዘይኣምነሉ ነገር እንተ ኾይኑ ድማ፡ ንኽውዳእ ዓቕሊ እጽንቕቕ። ኣዝየ እንተ ሓሪቐ፡ ዝዛረቦ ክሳብ ዝጠፍኣኒ ኩልፍልፍ እብል።

ኣማኻሪ፤ ብወገንካ ሕርቃን ዘይብሉ ስምዒት ከመይ'ዩ ትብሎ?

ደዋሊ፤ ምስ ሰባት ልዝብ ኢሉ ዘዕልልን ኣብ ኣፋታትሓ ጉዳያት ብህድኣት ዝዋሳእ ኮይኑ ይስምዓኒ።

ኣማኻሪ፤ እሞ፡ ከምዚ እትብሎ ዘሎኻ እንተ ኾይኑ፡ ንምትግባሩ፡ እንታይ ይጽግመካ?

ደዋሊ፤ በይነይ ኮፍ ኣብ ዝብለሉ፡ 'ስለምንታይ'የ ቀስ ዘይብል፡ እዚ ጠባይ'ዚ ኣብ ገለ ከእትወኒ'ዩ፡ ' ብምባል ክቕይሮ እሓስብ'ሞ፡ ድጉል ሕማቕ ስምዒተይ ይመጽኣኒ። ብታህዋኽ ንዝበልክዎ ተመሊሰ ክሓስበሉ ምውዓል'ሞ እንታይ'ዩ ትርጉሙ እብል።

ኣማኻሪ፤ ባህርያት ጸገም ከም ዝፈጥረልካ ተገንዚብካ ኣሎኻ። ንለውጢ፡ ተበግሶ ንኽይትወስድ ዝዕንቅጸካ እንታይ ኣሎ?

ደዋሊ፤ ደሓን ዝርርብና'ሞ ንወድእ። ንተበግሶስ ቃል ክኣትወላ'የ።

ኣማኻሪ፤ ሕራይ፡ ንሕርቃን ከመይ ምገለጽካዮ?

ደዋሊ፤ ብወገነይ ሕርቃን፡ ኣንጻር ናይ ዝበዝሐ፡ ልብኻ ዝበለካ ኣብ ክንዲ ምስማዕ፡ ብታህዋኽ ተሃንዲድካ፡ ንመጻኢ ከተዋህልሎም ዝነበሩኻ መኽሰባት ህይወት ምኽሳር'ዩ። ብሰንኪ ዘይምምዝዛንካ እትድርብዮም ቃላት ጽባሕ ተጣዒስካ ዘይትመልሶም ሳዕቤናት ዘኸትል ግጉይ መንገዲ ምበልኩዎ።

ኣማኻሪ፤ እሞ፡ ካብዚ ዝገለጽካዮ ንላዕሊ መግለጺ ደኣ እንታይ ክህሉ ኢሉ?

ደዋሊ፤ እወ፡ ግን ንዝሰምዕስ ትርጉሙ ቀሊል ኣይኮነን። ምስ ኮነ ዝጠዓስ፡ ገንፋሊ ስምዒት'ሞ እንታይ ንግበሮ። ኣደይ እትብሎ ሓደ ምስላ ነይሩ፣ "ቈልዓ ብንኡሱ፡ ቀርበት ብርሑሱ" ኣብ እዋኑ መኣረምታን ተግሳጽን እንተ ዘረክብ ነይረ፡ ብውሑዱ ከም ሰበይ ህድእ ኢለ ክንዓዝ ምኸኣልኩ።

ኣማኻሪ፤ ካብ ምንታይ ከም ዝብገስ ተለልዮምዶ?

ደዋሊ፤ እቶም ቀንዲ ዘይብርሃኒ ምስ ዝርኢ፡ ስምዒት ካልኦት ሰባት ከየመዛዘንኩ፡ ዘርእዮም ግብረ-መልሲ እዮም። ብፍላይ ምስ ስድራቤተይ ኣብ ዝዘረረበሉ ዝያዳ እሓርቕ።


ኣማኻሪ፤ እቲ ቀዳማይ መፍትሒ፡ ጸገምካ ተረዲእካ፡ ሓገዝ ክትሓትት ምድዋልካ'ዩ። ካልእ'ውን ንዘዕበየካ ዘይተደልየ ባህሪ ክትለልዮ ምኽኣልካ'ዩ። ከመይ ነይረ፡ ከመይ ኣለኹ፡ ኢልካ ፍታሕ ንምንዳይ፡ ክትወዳድር ምኽኣልካ፡ ዘሎካ ብልጫ ዘርእይ'ዩ። ስለዚ ዝተርፈካ፡ ፍታሕ ንምንዳይ ምስራሕ'ዩ።

ደዋሊ፤ ሓሪቐ ብዝፈጸምክዎ ተግባራት፡ ቀልጢፈ'የ ዝጠዓስ። እንታይ ኮን'የ፡ ኣብ ከምዚ ዝወድቕ እናልኩ፡ ብተግባራተይ እጉሂ። ንሰዓታት ጽቡቕ ከይተሰምዓኒ እጸንሕ። ነብሰይ ይሃስን ይብድል ምህላወይ'ውን እርድኣኒ'ዩ።

ኣማኻሪ፤ ግርማይ፡ ስለምንታይ ምስ ስድራቤትካ ዝያዳ ትሓርቕ።

ደዋሊ፤ ከም ዝመስለኒ ምስኦም ዘለኒ ቀርበት ከይኮነ ኣይተርፍን'ዩ። ስድራኻ ካብ ንእስነትካ ኣትሒዞም ስለ ዝከናኸኑኻ፡ ዋላ እናጉባዕባዕካሎም፣ "ልቢ ጉበዝ ኣብ ደረቱ" ብምባል ስለ ዝሓልፍዎ፡ ጌጋ ኮይኑ ኣይስምዓካን'ዩ።

ኣማኻሪ፤ ብሰንኪ እዚ ባህሪ ዝኸሰርካዮ፡ ወይ ኣብ ጥዕናኻ



ዝፈጠረልካ ጽልዋ ይህሉዶ?

ደዋሊ፤ ካብቲ ብዙሕ ገለ ክነግረካ፡ ዋላ'ኳ ስሩዕ ስራሕ እንተ'ሎኒ፡ ኣብ ትርፊ ግዜይ ዘካይዳ ትካል መሸጣ ክዳውንቲ ኣላትኒ። ዝፈልጦምን ዘይፈልጦምን ዓማዊል ይመጽኡኒ'ዮም። ክዳን ኣርእየና ኢሎም ከይገዝኡለይ ምስ ዝኸዱ፣ "ንዘይትገዝኡ ተድክሙና" ብምባል ብሕማቕ ኣጠማምታ ይምልሰሎም። በዝን ካልእን ዝኸሰርክዎም ዓማዊል ውሑዳት ኣይኮኑንን።

ሰኣን ዓቕሊ ገይረ ምጽባየይ፡ ብታህዋኽን ብስምዒት ዝወሰድክዎም ስጉምትታት ዝርሓቑኒ ፈተውትን ቤተሰብን'ውን ኣለው። እዚ ኸኣ "እንጣጢዕ፡ መሸረቕረቕ፡" ብምባል፡ ኣብ ቅድመይን ድሕረይን ዝዝረብ ዕላላት መሊኡ'ዩ። እንክለኹ ኣዝማ ትልዓለኒ፣ ነብሰይ ጽዕን ኢሉኒ ይውዕል። እዚ ኹሉ ገርጨውጨው ደኣ፡ ሕክምና ኣይተርኣኹን እምበር፡ ካልእ'ውን ጸገም ፈጢሩለይ ይኸውን'ዩ።

ኣማኻሪ፤ እሞ፡ ጸገምካ ኣስተብሂልካ ኣሎኻ። ገለ ንምፍትሑ ዝወሰድካዮ ተበግሶ እህሉዶ ይኸውን?

ደዋሊ፤ ኣነኮ ኢለካ'የ፡ እታ ዝበለጸት ተግባረይ፡ ከም ዝበደልኩ ስለ ዝሰወጠኒ ብተግባረይ ቀልጢፈ'የ ዝጠዓስ። ይቕሬታ ክሓትት ድማ፡ ዘሰክፈኒ ኣይኮነን። ብዙሕ እዋን ህድእ በል እናበለ ዝጽዕረለይ ዓርኪ ከኣ'ባ ነይሩኒ'ዩ።

ኣማኻሪ፤ ኣብ ስራሕ ዝፈጥረልካ ጸገማት ከመይ ትርእዮ?

ደዋሊ፤ ኣነሲ፡ ጸገመይ ተረዲአ'የ፡ ዝድውል ዘለኹ እብል?

ኣማኻሪ፤ ብኣገላልጻ ክኢላታት፡ እዚ ተንጸባርቐ ዘለኻ ባህሪ፡ ጉድለት ስምዒታዊ ብስለት ይመስል። ስምዒታዊ ብስለት ማለት ድማ፡ ኣብ ሓድሕዳዊ ምብህሃል፡ ብኣድማዕነት ድሌት ሰባት ምልላይን ምርዳእን ከምኡ ድማ፡ ድሌት ናይ ምትብባዕን ምውህሃድን ክእለት ማለት'ዩ። ማዕረ-ማዕረኡ፡ ምሕደራ ገዛእ ርእስኻ ብምውዳን፡ ንተበግሶ፡ እምነትን ተጻዋርነትን ብምውህሃድ ንግጉይ ስምዒታትካ ብኸመይ ናብ ረብሓኻ ትቕይሮ የጠቓልል።

እምበኣር፣ ስምዒታዊ ብስለት ምውናንን ማለት፡ ገዛእ ርእስኻ ምምላኽን ምድናቕን ማለት'ዩ። ብኻልእ ወገን ጉዳያት ብምንጻር ስምዒታትካን ስምዒት ካልኦት ተቖጻጺርካ፡ ንጉዳያት ካብ ስምዒት ወጻኢ፡ ብርእሰ-ተኣማንነትን ርህራህን ብርጉእ መንፈስ ፍታሕ ከተናዲ ምኽኣል'ዩ።

ከምቲ ንዓኻ ዝስምዓካ፡ ንኻልኦት'ውን ክስምዖም ስለ ዝኽእል፡ ስምዒት ካልኦት ናይ ምሕላው ልምዲ ክትለማመድ ይግበኣካ።

እዚ ድማ ኣብ ውልቃዊ ይኹን ሓባራዊ ዕዮ፡ ብቕዓትካ እተንጸባርቐሉ ኮይኑ፡ ዝመሓየሸን ዝምዕብልን ክእለት'ዩ። ይኹን'ምበር ካብ ኣጋላልጻኻ ከም ዝተረዳእክዎ እዞም ክንገልጾም ዝጸናሕና ክእለታት ንኽተማልኦም ዝዕንቅጸካ ጉዳይ ከይህሉ ኣስተብህል።

ዝኸበርካ ግርማይ፡ ዘለካ ናይ ባህሪ ጸገማት ኣለሊኻ ካብ ሕሉፍ ተማሂርካ ዝሓሸ ህይወት ክትመርሕ እዞም ዝስዕቡ ምኽርታት ኣብ ግምት ኣእቲኻ ዝሕሸካ ክትውስን እምሕጸነካ፤

ስምዒታዊ ብስለት፡ ኣብ ሓደ እዋን ዝምለኽ ተግባር ኣይኮነን። እንታይ ደኣ ማሕበራዊ ኣፍልጦኻ እናኣማዕበልካ ኣብ መዓልታዊ ናብራ እትለማምመዶ'ዩ። እዚ ድማ ኣብ እዋኑ ምስ ገዛእ ርእስኻ ብምልዛብ ዘለካ ብልጫን ድኽመትን ብምግምጋም ይምዕብል። ብዘጋጥመካ ኩነታት ኣንፈትካ ክትቅይር ዘይኮነ፡ ውሽጥኻ ሰሚዕካ ክትገብሮ ይግባእ። ብገምጋምካ ተመሪሕካ፡ ካብ ህሉው ባህርያትካ ንምግልጋል ንስምዒትካ ምቕናይ ድማ የድሊ።

ነዚ ንምትግባር ዝሕግዙ ገለ ኣገደስቲ ነጥብታት ክሕብረካ።

ናይ ምብህሃል ክእለትካ ኣዕብይ፤ ኣብ እዋን ዝርርብ ኣብ መንጎ ኣይትእቶ። ዋላ ዘይትቕበሎ ዘረባ ይኹን ጽን ኢልካ ስማዕ። ክሳብ ዝተኻእለካ ምስ ሰባት ጽቡቕ ምርድዳእ ክህልወካ ጽዓር።

ኣብ ነብስኻ ዘለካ ክብርን ክእለትን ርግጸኛ ኩን። ዋላ ኣብ ዘይርጉእ ኩነታት ዝመሰለካ ውሳኔ ወስን። እዚ ክትገብር ዘይትኽእል እንተ ኳንካ ምምሕያሽ የድልየካ ምህላው ዝእምት'ዩ። ሕርቃን እንተ ተቘጻጺርካ፡ ካብ ሳዕቤኑ ዝመጽኡ ጥዕናዊ ጸገማት ተኸላኺልካ ምህላውካ ፍለጥ።

እዚ ክብሃል እንክሎ፡ ዝኾነ ዓይነት ሕርቃን ጎዳኢ ጥራይ ዘይምዃኑ ምፍላጥ'ውን ኣገዳሲ'ዩ። ንኣብነት፤ ሕማቕ ክገብር ንዘጋጠመካ ሰብ ሓሪቕካ መግናሕቲ ዝተሓወሶ ቃላት ምስንዳው፡ ምናልባት ተግባራቱ ተሰቕርዎ፡ ንሓዋሩ ዝጠቕሞ ክኸውን ይኽእል'ዩ። ብኻልእ ወገን ካብ ቀዳማይ ጌጋኻ ተማሂርካ፡ ውድቀት ከይፈራሕካ፡ ምስ ዓወት ብምትህልላኽ ናብ መንገዲ ዓወት ክወስድ ዝኽእል ክኸውን ይኽእል'ዩ። እንተ ዘይኮነ፡ ሓሪቕካ ፈረስ ጋሊቡ ዘየርክቦ ዘረባ ምስንዳው፡ ክሳብ ንህይወትካ ፈታኒ ሕቶ ከስዕበልካ ስለ ዝኽእል ምልላይ የድሊ።

ስለዚ ሕርቃን ገደብ ክግበሮን ካብ ቍጽጽር ወጻኢ ከይከውን ምክትታል፡ ብግቡእ ኣገባብን ግዜን መሪጽካ ስምዒትካ ኣብ እዋኑ ምድሕዳሕ ኣገዳሲ'ዩ። ሓደ ኣበሃህላ ኣሎ፣ "ምስ ሕርቃንካ እንክለኻ፡ ናብ ዘሕረቐካን እትፈትዎ ሰብ፡ ነዊሕ ደብዳበ ጽሒፍካ ኣይትስደደሉ።" ስለዚ ሕርቃንካ ምዕባስ ዘይተደልየ ሕዱር ሕማም ከኸትል ስለ ዝኽእል፡ መስተንፈሲ ኣገባባት ምልምማድ የድሊ።

ካብ ብስኽታ ስምዒትካ ምዕባስ፡ ከምቲ እትብድሎ ክትብድል ከም እትኽእል ተረዲእካ፡ ሓቀኛ ስምዒትካ ምግላጽ። ደረጃ ሕርቃን ዝፈጥሩልካ ጉዳያት ብዘየገድስ፡ ብዝተኻእለ መጠን፡ ከይሳዕረሩ ኣለሊኻ ምቍጽጻር፣ ኣብ እዋን ብርቱዕ ሕርቃን እተርእዮ ዘይንቡር ባህሪ ይቕሬታ ምሕታት ምልምማድ።

ንብርቱዕ ሕርቃን ይቕረ ምባል ምልምማድ፣ ይዕበዩ ይንኣሱ ዘሕርቑኻ ጉዳያት ኣለሊኻ ብዝተኻእለ መጠን ሱር ከይሰዱ ተቛጻጺርካ ገዛእ ርእስኻ ምህዳእ። ካብ ከጋጥም ዝነበሮ ባእሲ ምስ ተኣለኻ፡ 'ኣብ ዘይሸይጣነይ ኣውዒሉኒ ኔሩ' ኢልካ፡ ኣብ ክንዲ ምጉርምራም፡ ብተግባራትካ ክትሕጐስ ምኽኣል። ኣብ እዋን ባእሲ፡ ብስምዒት ተደሪኽካ ንቐጻሊ ኣይትበኣስ። ምኽንያቱ፡ ምትዕራቕ ስለ ዘሎ ንነዊሕ እዋን ዝኹስኮስካዮ ምስጢራዊ ትሕዝቶ ፈታዊኻ ነጊፍካ ዘይምዘርዛር።

ኣንነት ኣይተርኢ፤ እዝስ ንዓይ፡ ተደፊረ እምበር፡ ብምባል ርእስኻ ኣይተልዕል። ንስኻ ከም ዝኾነ ሰብ ነቲ ሎሚ ዝብድለካ ዘሎ ክትብድሎ ስለ እትኽእል፡ ንገዛእ ርእስኻ ከም ፍሉይ ሰብ ኣይትርኣ። ዘሕርቐካ ኣለሊኻ ካብኡ ምእላይ። ኣካላዊ ምንቅስቓስ ምዘውታር ድማ ሓጋዚ'ዩ። ኣዕሚቕካ ምስትንፋስ፡ ብስምዒት ንዝተበከለ ኣየር፡ ካብ ደገ ደጋጊምካ ጽሩይ ኣየር ብምስሓብ ንምህዳእ ሓጋዚ ተግባር'ዩ። ሰባት ዘሕሩቑኻ ነገራት እንተ ፈሊጦም፡ ክጕጥዩኻ ስለ ዝኽእሉ፡ ዘሕርቑኻ ነገራት ካልኦት ከይፈልጥዎ ምክልኻል።


ደዋሊ፤ ኣንነትሲ የብለይን።

ኣማኻሪ፤ ኣንነት ኣለካ ማለተይ ኣይኮነንን። ጠንቂ ሕርቃንካ ንምልላይ መበገሲ ክኾኑ ዝኽእሉ'የ ክገልጸልካ ጸኒሐ።

ደዋሊ፤ ኣዝየ ኣመስግነካ፡ ኣብ ዝሓሸ ለውጢ ክንራኸብ ተስፋ እገብር። የቐንየለይ! ብሩኽ መዓልቲ።

# ሓሳባት

## ጽውጽዋይን ሓቂን ቁጠባዊ ግሎባውነት




(መበል 23 ክፋል)
ክብሮም ገብረኣብ
ማእከል ምርምርን ስነዳን

*እዚ "ጽውጽዋይን ሓቂን ቁጠባዊ ግሎባውነት" ብዝብል ኣርእስቲ ብተኸታታሊ እነቕርበልኩም ዘለና ጽሑፍ 'ባድ ሳማሪታንስ' (BAD SAMARITANS – The guilty secrets of rich nations & the threat to global proposperity- Ha-Joon Chang - 2007) ካብ ዘርእስቱ መጽሓፍ ዝተተርጎመ እዩ፡፡*

**ብልሽውናን ቁጠባዊ ዕቤትን**

መቡቱ ሰስ ሴኮ ንሃገረ ዛየር ናይ ሎሚ ደሞክራሲያዊት ሪፓብሊክ ኮንጎ ን32 ዓመታት መሪሕዋ፡፡ ኣብ ስልጣን ኣብ ዝጸንሓሉ ልዕሊ $5 ቢልዮን ኣጠፊፉኡ፡፡ ብተመሳሳሊ ኣብ 1966 ብወተሃደራዊ ዕልዋ ናብ ስልጣን ዝደየበ ሞሓመድ ሶሃርቶ ነታ ሃገር ክሳብ 1998 መሪሕዋ፡፡ ሶሃርቶ ኣብ ናይ 32 ዓመት መሪሕነቱ ኣስታት $15 ቢልዮን ምጥፍፉኡ ይንገር፡፡

ኣብ 1997 መቡቱ ካብ ስልጣን ኣብ ዝወረደሉ፥ ናይ ሓደ ሰብ እቶት ናይ ምዕዛግ ዓቕሚ ምስ ናይ 1965 ብምንጽጻር፡ ብሓደ ስልሲት ኣንቆልቂሉ፡፡ ኣብ 1997 ሕቡራት ሃገራት ኣብ ዘውጽአ ደረጃ ሰብኣዊ ምዕባለ (Human Development Index (HDI)) ካብ 174 ሃገራት ዛየር ኣብ መበል 141 ተሰሪዓ ንረኽባ፡፡

መጠን ብልሽውና ናይዞም ክልተ ሃገራት ኣብ ግምት ብምእታው፥ ደረጃ መሰብሮ ኢንዶኖዥያ ዝኸፍአ ክኸውን ምተገበአ፡፡ ይኹን'ምበር፡ ኣብ እዋን መሪሕነት መቡቱ ኩነታት መሰብሮ ዛየር ብሰለስተ ዕጽፊ ከንቆልቁል ከሎ፥ ኣብ ግዜ ሱሃርቶ መሰብሮ ኢንዶኖዥያ ብልዕሊ ሰለስተ ዕጽፊ እዩ ዓቢዩ፡፡ ብደረጃ ሰብኣዊ ምዕባለ ኣብ 1997 መበል 105 ዝተሰርዐት ኢንዶኖዥያ፥ ዋላ'ኳ ናብ ደረጃ 'ተኣምራታዊ ቁጠባ' ዘይደባ እንተዘይኮነ ዝተበገሰትሉ ደረጃ ኣብ ግምት ብምእታው ዝምስገን ዕቤት ከተርኢ ክኢላ እያ፡፡

ኣብ ዝሓለፈ ፍርቂ ክፍለ ዘመን ቁጠባ ገለ ሃገራት ንኣብነት ዛየር ኣብ ትሕቲ መሪሕነት መቡቱ ከምኡ'ውን ሀይቲ ኣብ ትሕቲ መሪሕነት ዱቫሊር ብምኽንያት ኣዝዩ ዝሰዓረረ ብልሽውና ቁጠባአን ረሞቕሞቕ ኢሉ እዩ፡፡ ብኣንጻሩ'ዚ ፊላንድ፡ ስዊድን ከምኡ'ውን ሲንጋፖር ብጽፈቱን ዝፍለጣ ጽቡቕ ቁጠባዊ ዕቤት ዘለወን ሃገራት እየን፡፡ ብዘይካ'ዚ ከም ኢንዶኖዥ ዝበለ ኣዚን ብልሽዋት ግን ከኣ ጽቡቕ ቁጠባዊ ዕቤት ዘርኣያ ሃገራት'ውን ኣለዋ፡፡ ጣልያን፡ ጃፓን፡ ኮርያ፡ ታይዋን ገለ ካብተን ኣብ ብልሽውና ዝተሸማ ግን ከኣ ምስ ኢንዶኖዥያ ብምውድዳር ዝሓሸ መጠን ብልሽውናን ጽቡቕ ቁጠባዊ ዕቤት ዘበርን ሃገራት እየን፡፡

ብልሽውና ተርእዮ ናይ 20 ክፍለዘመን ተገይሩ ክውሰድ የብሉን፡፡ ናይ ሎሚ ሃብታማት ሃገራት፡ መንግስታዊ መዋቕረን ኣዝዩ ብልሽው ኣብ ዝነበረሉ እዋን ኢንዱስትርያዊ ዓወት ክነጸፉ ዝኸኣሉ፡፡ ኣብ ፈረንሳን ብሪጣንያን ክሳብ 18 ክፍለዘመን ቅሉዕ መሸጣ መንግስታዊ ቤት ጽሕፈት ከም ገበን ዘይቁጸር ልሙድ ተርእዮ እዩ ነይሩ፡፡ ክሳብ ፈለማ 19 ክፍለዘመን ኣብ ብሪጣንያ፡ ሚኒስተራት ንዝተመዘዙሉ ክፍሊ ዝተመደበ ገንዘብ ይልቅሕዎን ንውልቃዊ ረብሓኦም የውዕልዎን ነይሮም፡፡ ክሳብ 1870ታት፡ ኣብ ብሪጣንያ ሰራሕተኛታት መንግስቲ ዝቖጸሩሉ መማዘኒ ሞያዊ ብቕዓት ኣይነበረን፡፡ ቀንዲ ዕዮ መራሒ መንግስቲ እታ ሃገር ምዕዋል መዘዙት ብፖለቲካዊ ደገፍ ብምንባሩ እዩ ጸሓፊ ቤት ግምጃ ምዕዋል መዚ ተባሂሉ ዝጽዋዕ ዝነበረ፡፡ ኣብ ኣመሪካ ብዝነበረ ብልሽው ስርዓት፡ ክሳብ ፈለማ 19 ክፍለዘመን ብፍላይ ድማ ድሕሪ ውግእ ሓድሕድ ኣብ ዝነበሩ ዓመታት፡ መንግስታዊ ኣብያተ ጽሕፈት ሞያዊ ብቕዓት ብዘይብሎም ደገፍቲ ገዛኢ ሰልፊ ዝተመልአ ነይሩ፡፡ ክሳብ'ቲ ኣብ 1883 ኣዋጅ ፔናልተን ዝወጸሉ፥ ኣብ ኣመሪካ፡ ዝኾነ ፈደራላዊ ሰራሕተኛ ብቕሉዕን ተወዳዳሪን መስርሕ ተቖጺሩ ኣይፈልጥን፡፡ ይኹን'ምበር፡ ኣብቲ እዋን ኣመሪካ ሓንቲ ካብተን ኣብ ዓለምና ቅልጡፍ ቁጠባዊ ዕቤት ዘመዝግባ ዝነበራ ሃገራት እያ ነይራ፡፡

መስርሕ ምርጫ'ውን እንተኾነ ኣዝዩ ብላዕ ዝበዝሖ እዩ ነይሩ፡፡ ክሳብ'ቲ ናይ 1883 ኣዋጅ ብልሽውን ዘይሕጋውን ልምድታት ዝወጸሉ፥ ኣብ ብሪጣንያ፡ ምርጫ ኣብ መዛናግዒ ቦታታት ንመረጽቲ መስተ ብነጻ ብምዕዳል፡ ናይ ሰራሕ መብጽዓ ብምእታው፥ ከምኡ'ውን ብምፍርራሕ ይካየድ ነይሩ፡፡ ድሕር'ቲ ኣዋጅ'ውን እንተኾነ ክሳብ 20 ክፍለዘመን ኣብ ከባብያዊ ምርጫታት ብልሽውና ቀጺሉ እዩ፡፡ ኣብ ኣመሪካ ሰበስልጣን መንግስቲ ንምርጫዊ ኸሰሳ ዝኸውን ገንዘብ ብጉዴታ ከም ዘውፍዩ ብምግባር ከም ፖለቲካዊ መኾሳኸሲ ሰልፍታት የገልግሉ ነይሮም፡፡ ናይ ምርጫ ምጥፍፋእን ምዕዳግ ድምጽን ብሰፊሑ ዝዘወተር ልሙድ ተርእዮ እዩ፡፡

ኩነታት ብልሽውና ኣብ ሃገራት ዛየርን ሀይትን ኣዝዩ ኣዕናዊ፡ ኣብ ኢንዶኖዥያ ብዙሕ ሳዕቤን ዘይብሉ ቅቡል፡ ኣብ ኣመሪካ ኣብ መወዳእታ 19 ክፍለዘመን ከምኡ'ውን ኣብ ሃገራት ምብራቕ እስያ ድሕሪ ካልኣይ ውግእ ዓለም ዝኾነ ቁጠባዊ ሳዕቤን ዘይነበሮ ምንባሩ ክንዕዘብ ንኽእል ኢና፡፡ እዚ ኩነታት፡ ከመይ ኢሉ እዩ ብልሽውና ኣብ ዝተፈላለየ ቁጠባዊ ዓውድታት ዝተፈላለየ ቁጠባዊ ሳዕቤናት ዘኸትል? ዝብል ሕቶ ክልዕል ዘገድድ እዩ፡፡ ነዚ ሕቶ'ዚ ንምምላስ ነቲ ብልሽውና ተባሂሉ ዝጽዋዕ ጸለም ሳጹን ክንከፍቶን ውሽጣዊ ኣሰራርሕኡ ክንርድኦን ከድልየና እዩ፡፡ ብላዕ ካብ ሓደ ሰብ ናብ ካልእ ሰብ ዝግበር ናይ ሃብቲ ምስግጋር እዩ፡፡ እዚ ናይ ሃብቲ ምስግጋር ኣብ ቁጠባዊ ጽፈትን ዕቤትን ኣሉታዊ ሳዕቤን የብሉን፡፡ ሓደ ሚኒስተር ወይውን ናይ መንግስቲ ብዓል ስልጣን ካብ ሰብ ርእሰማል ጉቦ ተቐቢሉ ነቲ ገንዘብ ከምቲ ሰብ ርእሰማል ጉቦ ከይሃበ ከውፍሮ ዝኽእል ኣብ ካልእ ኣድማዒ ፕሮጀክት ከውፍሮ እንተኽኢሉ፥ ብመዐቀኒ ጽፈትን ዕቤትን ከምዚ ዝበለ ብላዕ ኣብ ቁጠባ ዝኾነ ሳዕቤን የብሉን፡፡ እቲ እንኮ ፍልልይ ሕቶ ዝርግሐ ኣታዊ ዘስዕቦ፡ በዓል ርእሰማል እናደኸየ ሚኒስተር ድማ እናሃብተመ ዝኸይድ ምኻኑ እዩ፡፡

ብርግጽ፡ እቲ ሚኒስተር ገንዘቡ ማዕረ'ቲ በዓል ርእሰማል ብኣድማዕነት ከይጥቀመሉ ይኽእል እዩ፡፡ ሚኒስተር ነቲ ዘይጸዓረሉ ወህብቶ ብሸንዳሕዳሕ ከህልኾ ከሎ፥ እቲ በዓል ርእሰማል ግና ነቲ ገንዘብ ኣብ ተመሳሳሊ ወፍሪ እዩ ዘውዕሎ፡፡ ብሓፈሻ እቲ ተርእዮ ከምዚ ኮይኑ ኩሉ ግዜ ብኸምዚ ይድምደም ማለት ግን ኣይኮነን፡፡ ታሪኽ ብዙሓት በርክራትን ፖለቲከኛታትን ጎራሓት ኣውፊሮም፥ ሰብ ርእሰማል ግና ገንዘቦም ንዕድልና ኢሎም ዝዘርዉ ምኻኖም እዩ ዘርእየና፡፡ ሚኒስተር ካብ ሰብ ርእሰማል ንላዕሊ ነቲ ገንዘብ ብኣድማዕነት ክጥቀመሉ እንተኽኢሉ፥ ብልሽውና ኣብ ቁጠባዊ ዕቤት ሓጋዚ ክኸውን ይኽእል እዩ፡፡

እቲ ረሲሕ ገንዘብ ኣብ ውሽጢ ሃገር ደዩ ዘሎ ዝብል መሰረታዊ ሕቶ ከልዕል ኣሎና፡፡ ከምዚ ዝበለ ፍንፉን ገንዘብ ብኸፈሉ ግዳእ ርእሱ ከድሕኖ ዝኽእል ኣብታ ሃገር ብመልክዕ ወፍሪ ተወሳኺ ኣታዊ ምፍጣርን ናይ ስራሕ ዕድል ምስፋሕን ብምኻኑ፥ እቲ ብላዕ ኣብ ስዊዘ ባንክ እንተተቐሚጡ፥ ዝኾነ ኣበርክቶ የብሉን፡፡ ብርግጽ ሓደ ካብቲ ኣብ መንጎ ዛየርን ኢንዶኖዥያን ዝነበረ ፍልልይ እዚ እዩ፡፡ ኣብ ኢንዶኖዥያ ዝጠዘሐ ካብቲ ብብልሽውና ዝተረኽበ ገንዘብ ካብታ ሃገር ብዘይምውጽኡ፥ ናይ ስራሕ ዕድል ክፈጥርን ናይታ ሃገር ኣታዊ ከዕብን ክኢሉ እዩ፡፡ ኣብ ዛየር ዝጠዘሐ ካብቲ ዝተባልዐ ገንዘብ ካብታ ሃገር ወጺኡ እዩ፡፡

ብምኽንያት ብልሽውና ዝግበር ናይ እቶት ምስግጋር፡ ከም ብላዕ ዝተኸፍለ ገንዘብ ኣብ ኣድማዒ መዓለ ይውዓል ኣይውዓል ብዘየገድስ፡ ብልሽውና መንግስታዊ ውሳኔታት ብምዝንባዕ ብዙሕ ዝተፈላለየ ቁጠባዊ ጸገማት ክፈጥር ይኽእል እዩ፡፡ ንኣብነት ትሑት ብቕዓት ዘለዎ ኣፍራዪ ብላዕ ብምሃብ ሓዳሽ መጥሓን ኣቻዮ ክሃንጽ ዝውሃቦ ፍቓድ ልቸንሳ፡ ቁጠባዊ ብቕዓት ዘጉድል እዩ፡፡ ይኹን'ምበር እቲ ውጽኢት ብኸምዚ ክድምደም ግድን ኣይኮነን፡፡ ልዑል መጠን ብላዕ ዝኸፍል ኣፍራዪ ብሉጽ ኣፍራዪ እዩ ዝብል ምጉት ኣሎ፡፡ እቲ ሓቂ እዚ እንተኾይኑ፥ ነቲ ዝለዓለ ብላዕ ዝኸፈለ ዝውሃብ ልቸንሳ፡ ብዘይካ'ቲ ናይ ጨረታ ኣታዊ ኣብ ክንዲ ብግሉጽ መስርሕ ጨረታ ናብ ሚኒስተር ቤት-ግምጃ ናብ ሰሱዕ በዓል ስልጣን ዝኣቱ ምኻኑ፥ ምስቲ መንግስቲ ብጨረታ ዝሀቦ ልቸንሳ ኣዝዩ ተመሳሳሊ፡ ብቑዕ ኣፍራዪ ኣብ ምምራጽ ድማ ዝበለጸ ኣኽዙብ እዩ፡፡ ብርግጽ፡ እዚ ኑቶም ትሑት ብቕዓት ኣፍራይነት ዘለዎም ኣፍረይቲ ልቸንሳ ክረኽቡ ዝፈቅድ ዘይወግዓዊ ግን ከኣ ብሉጽ ጨረታ ዝመስል ብላዕ፡ ኣብ ቅድሚ እቶም ብሞራል ደው ዝበሉን ብላዕ ክኸፍሉ ዘይደልዩን ኣዝዮም ብቑዓት ኣፍረይቲ ትርጉም የብሉን፡፡

ብልሽውና፡ ናይ ምቁጽጻር ዓቕሚ ብምዕንቃፍ ውሳኔታት መንግስቲ የኸናድብ፡፡ ኩባንያ ማይ ንዘምልኩዎም ሓለፍቲ ብላዕ ብምሃብ ብቑጻሊ ትሑት ዝበቕዓቱ ማይ ምቕራብ እንተ ደኣ ቀጺሉ፡ ኣሉታዊ ቁጠባዊ ሳዕቤናት ንኣብነት ብምኽንያት ልዑል መጠን ተርእዮ ማይ-ወለድ ሕማማት ዝስዕብ ዘይተደልየ ጥዕናዊ ወጻኢታት ከምኡ'ውን ምጉዳል ትካላዊ ኣፍራይነት ምኽታሉ ዘይተርፍ እዩ

ቀጽጽር ኣጉዳሲ ነይሩ እንተ ዘይከውን ብልሽውና ቁጠባዊ ብቕዓት ዘዐቢ ምኾነ፡፡ ንኣብነት ቅድም'ቲ ኣብ 2000 ዝተኻየደ ሕጋዊ ምትዕርራይ፥ ኣብ ቬትናም ፋብሪካ ንምኽፋት ብቕዓት ኣወፋሪ ዝገልጽ፡ ናይ ሕክምና ምስክር ወረቐት ዘጠቓልል ደርዘን ሰነዳት ከተረኽቡ ካብ 6 ኣዋርሕ ክሳብ ሓደ ዓመት ይወስድ ምንባሩ ይግለጽ፡፡ ኣብ ከምዚ ኩነታት፡ ኣወፋሪ ንዘምልክቶ በዓል ስልጣን ብላዕ ብምሃብ ኣብ ሓጺር ግዜ ልቸንሳ ክረክብ ዝበለጸ እዩ፡፡ እዚ ኣኽዙብ ዋላ'ኳ ምትእምማን ዘጉድልን ሕጋዊ እቶት መንግስቲ ዘሕጽር እንተኾነ፥ ኣወፋሪ ዝኽፍ ገንዘቡ እቶት ብምርካብ ዝዕውተሉ፥ ኣህላኺ ድሌታቱ ብቕልጡፍ ብምርካብ ዝማልኡ ከምኡ'ውን መንግስታዊ በዓል ስልጣን ሃብቲ ብምድላብ ተረባሒ ዝኾኑሉ መስርሕ እዩ፡፡ ኣብቲ ልዑል ቁጽጽር ዝዘውተረሉ ቁጠባ፡ ብላዕ ሓደስቲ ዘይሕጋውያን ሓይልታት ዕዳጋ ብምትእትታው ቁጠባዊ ብቕዓት ዘቃላጥፍ ምኻኑ እዩ ዝእመን፡፡

ስለዚ፡ ቁጠባዊ ሳዕቤን ብልሽውና ንምርዳእ፡ ንብልሽውና ዘቃልዑ ውሳኔታት ኣየኖት እዮም፡ ተቐቢልቲ ብላዕ ኣብ ምንታይ መዓላ ኣውዒሎሞ፡ ከምኡ'ውን እቲ ብልሽውና እንተ ዘይካየድ እቲ ገንዘብ ኣብ ምንታይ መዓላ ምወዓለ ዝብሉ ሕቶታት ክንምልስ ከድልየና እዩ፡፡ ብልሽው በዓል ስልጣን ንዝተወሰነ ኣገልግሎት ዘኽፍሎ ቀዋሚ ክፍሊት ኣሎ'ዶ? ከምኡ'ውን ልቸንሳ ንምርካብ ንኽንደይ ሰብ ብላዕ ክትከፍል ኣሎካ? ዝብሉ ትንቢያ ብልሽውናን መጠን ዝርግሐ ብላዕ ዕዳጋን ክንዝረብ ምኽኣልና፡፡ ይኹን'ምበር፡ ደምር ወጻኢት ናይዞም ረቛሒታት ክትትንበዮ ዘጸግም እዩ፡፡ ስለዚ ኢና ኣብ መንጎ ብልሽውናን ቁጠባዊ ንጥፈታትን ዘሎ ዝምድና ብዝተኣሳሰር ኣብ ዝጠዘሓ ሃገራት ዝኢፍ ፍልልይ ምህላው እንዕዘብ፡፡

**ይቕጽል . . .**



ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)

## ጽውጽዋይ

# ብጻዕርኻ ምንባር...

### መበል ዓሰርተ ሓሙሽተ ክፋል

እቶም ንህበይ ዳዉ ዘኪታተሉ ነበሩ፡ እቲ መራሒ መኪና መግቢ ከምዘይደርበየ ኣረጋገጹ። ክልቲኦም ሕጉስ በሉ። ተጠማሚቶም ፍሽኽታ ኣርኣዩ።

መራሒ መኪና፡ ዝወልዖ ሙዚቃ እናሰምዐ ጉዕዞኡ ቀጸለ። መራሒ መኪና ኣብ ሓሳብ ስለዝነበረ ብዛዕባ ኣህባይን እቲ በረኻን ከየድሃበ ተሓንበበ።

እቲ መልእኽቲ ዘበጻጽሕ ህበይ፡ እታ መኪና ኣብ ከባቢኡ በጽሐት። መልእኽቲ ተጸበየ። እንተኾነ መልእኽቲ ኣይመጽኣን። "እዚ ሰብኣይ መግቢ ኣይሃበን ማለት እዩ" ብምባል ኣተኩሩ ብምጥማት ሰቕ ኢሉ ኣሕለፎ።

እቲ በዓል መኪና ክልተ ኣንጉሎ ብምጥዋይ ናብቶም ሰለስተ ኣህባይ ዝነበርሉ ከባቢ በጽሐ።

እቶም ሰለስተ መልእኽቲ ክይህሉ ናብቲ መልእኽተኛ ክመጽእ ይኽእል'ዩ ዝበልዎ ቦታ ገጾም ኣቋመቱ። ነፍሲ ወከፎም ኣብ ቅድሚኦም ዓበይቲ ኣእማን ሒዞም ይጽበዩ ነበሩ። መልእኽተኛ ኣይመጽኣምን። እቲ መራሒ መኪና መግቢ ከምዘይሃበ ኣረጋገጹ። ክውል ኢሎም ድማ ኣሕለፍዎ።

ሓለቓ ታቶ፡ ኩሉ ኩነታቶም ተዓዘቦ ብስርሖም ዓገበ። ኣብኣቶም ርሕቕ ኢሉ ትዕዝብቱ ከካይድ ዓባይ ገረብ ኣቋመተ። ኣብ ከባቢኡ ዓባይ ገረብ ርእዩ፡ ብጉያ ናብኣ ከደ። ብናህሪ ድማ ሓኹረ። ኣብ ጭፍ ምስ በጽሐ ንኽባቢኡ ብሓጉስ ክፍትሽ ጀመረ።



ኩሎም ኣህባይ ኣብ ተጠንቀቕ እንክለዉ፡ ብየማን ሸነኽ ክልተ ሰብት ዝሓዘት መኪና ክትሓልፍ ነበረት። እታ መኪና ንቶም ቀዳሞት ሰለስተ ዝኣባላታ ኣህባይ ሓሊፋ፡ ንቲ መልእኽተኛ ሰጊራ ኣብ ከባቢ ህበይ ዳዉ ዝነበሮ በጺሓ ፍጥነታ ቀነሰት።

"ኣነ ገሪመኒ ዘሎ ኣብዚ ጽርግያ ብዙሓት ኣህባይ ከምዘይነብሩ ሕጂ እንታይ ኮይኖም ጥፊኦም? እንታይ እዮም ኮይኖም ገሪሙኒ ኣሎ?" መራሒ መኪና ንቲ ዝነበርዎ ከባቢ ብዓይኑ እናፈተሸ ሓተተ። ሓቁ እዩ ነዚ ከባቢ ብዙሕ ግዜ ሓሊፍዎ እዩ። ማእለያ ዘይብሎም ኣህባይ ድማ ይዕዘብ ነበረ። ሕጂ ግን ሓደ ህበይ ዘይምርኣዩ ኣሰደመሞ።

እቲ ኣብ ጉድኑ ኮፍ ኢሉ ዝነበረ ካልኣዩ፡ "ሓቅኻ ኢኻ? እስከ ጽናሕ" ብምባል ንህበይ ዳዉ ናብኦም ገጹ ክመጽእ ርኣየ። ፍሽኽ ብምባል፡

"እንህለካ ሓደ ህበይ ርኣየ። ናባና ገጹ ይጉዩ ኣሎ" ናብ ህበይ ዳዉ ብየማናይ ኢዱ ብምምልካት ተዛረበ። እቲ ሰብኣይ ናብ ቤትሮ ናይታ መኪና ተወቲፉ ነበረ።

ክልቲኦም ህበይ ናብኦም ገጹ ክመጽእ ምስ ረኣዩ ክምስ በሉ።

ህበይ ዳዉ፡ ብጉድኖም ብምኳን ደድሕሪኦም ክጎዩ ጀመረ።

እቲ መራሒ መኪና፡ "እዞም ኣህባይ ክርእዮም እንከለኹ ደስ እዩ ዝብለኒ። የማነ ዓርከይ ነዚ ህበይ ካብዚ ብድሕሬና ዘሎ ባኒ ሰንድወሉ። ክልተ ባኒ ሃቦ" መራሒ መኪና ንቲ ህበይ ኣተኩሩ እናጠመተ ተዛረበ።

የማነ "ሕራይ" ብምባል ናብ ድሕሪት ተጠውዩ ክልተ ባኒ ኣልዓለ። ብመስኮት ናይታ መኪና ርእሱ ኣውጺኡ፡ "ህበይ እንኻ" ብምባል ክልተ ባኒ ሰንደወሉ።

ህበይ ዳዉ፡ ብጉያ ናብተን ባኒ ከደ። ካብ መሬት ኣልዒሉ ናብ ብርኽ ዝበለ ቦታ ጎየየ። ብርኽ ዝበለት ቦታ ረኺቡ ኮፍ ብምባል ባኒ ክበልዕ ጀመረ።

ክልቲኦም ብትርኢት እቲ ህበይ ደስ ኢልዎም፡ ቀስ ኢሎም ጉዕዞኦም ቀጸሉ።

ንህበይ ዳዉ ክሕልዉ ዝጸንሑ ክልተ ኣህባይ ኩነታት ብዝግባእ ተኸታቲሎ።

ሓደ ካብቶም ኣህባይ፡ "በል ከይደ ንመልእኽተኛ እዛ ቀያሕ መኪና መግቢ ከምዝሃበት ክሕብሮ፡" ብምባል ናብ እታ መኪና እትጉዓዞ ዝነበረት ኣንፈት ጎየየ። ቀልጢፉ ከኣ ናብ መልእኽተኛ በጽሐ። እናሳህለለ ከኣ፡

"እዛ እትመጽእ ዘላ ቀያሕ መኪና መግቢ ከምዝሃበት ብጉያ ኬድካ ሓብሮም። ሃየ እታ መኪና ከይትቕድመካ ጉየ. . .ፍርሲ" ብምባል መልእኽቱ ኣመሓላለፈ።

መልእኽተኛ፡ መልእኽቱ ተቐቢሉ ዝኾነ ቃል ከየምለቐ ብጉያ ናብቶም ሰለስተ ተመርቀፈ። ነታ መኪና ቀዲሙ ናብቶም ሰለስተ ኣህበይ በጽሐ። ንሱ'ውን ኣበርቲዑ እናኣስተንፈሰ፡

"እዛ እትመጽእ ዘላ ቀያሕ መኪና ንህበይ ዳዉ መግቢ ሂባቶ ኣላ። ሃየ ተቐላጢፍኩም ጽርግያ ዕጸዉ፡" መልእኽቱ ኣመሓላለፈ።

ይቕጽል

## ዕላል ምስ ሃብሮም

### ምስ ገዛእ ርእስኺ ከተላልይና?

ስመይ ፍዮሪ ሚካኤል ሰመረ እበሃል። ብዕለት 04-03-2011 ካብ ኣቦይ ሚካኤል ሰመረን ኣደይ ብርኽቲ ተስፋጋብርን ኣብ ኣኽርያ -ኣስመራ ተወሊደ ዓብየ።

ዕድመይ ንመዋእለ ህጻናት ምስ ኣኸለ፡ ኣብ መዋእለ ህጻናት ካናንት ንኽልተ ዓመታት ተማሂረ። ብድሕሪ እዚ ቀዳማይ ክፍሊ ኣብ ቤት ትምህርቲ ስምረት ኣኽርያ፡ ካብ ካልኣይ ክሳብ ራብዓይ ክፍሊ ኣብ ቤት-ትምህርቲ ፍልጠት፡ ሓሙሻይ ክፍሊ ኣብ ቤት-ትምህርቲ ፍረ ሂወት ተማሂረ። ሻዱሻይ ክፍሊ ድማ ኣብ ትምህርቲ ድያእ እመሃር ኣለኹ።

### ኣብ ትምህርቲ ከመይ ዓይነት ተማሃሪት ኢኺ?

ኣብ ትምህርቲ ኣዚየ ግድስቲ እየ። ካብቶም ብሉጻት ተማሃሮ እየ። ኣብ ቀዳማይ ክፍሊ ካልኣይቲ፡ ኣብ ካልኣይ ክፍሊ ታሽዐይቲ፡ ኣብ ሳልሳይ ክፍሊ ቀዳመይቲ፡ ኣብ ራብዓይ ክፍሊ ሳልሰይቲ ኣብ ሓሙሻይ ድማ ቀዳመይቲ ብምውጻእ ትምህርተይ ተኸታቲለ። ኣብዚ ዓመት'ዚ ማለት ኣብ ሻዱሻይ ክፍሊ ድማ ቀዳመይቲ ወጺአ ኣለኹ። ገምጋም ነጥበይ 98% እዩ።

### ተንብቦ ክንደይ ዝኣክል መጻሕፍቲ ኣንቢብኪ ኣለኺ?

እወ ኣንብብ እየ። ክሳብ ሕጂ ብሓርፋፍ ገምጋም ከባቢ 30 መጽሓፍቲ ኣንቢበ ኣለኹ። ዝበዝሐ ዘንበቦ ናይ ቆልዑ መጽሓፍቲ እዩ። ብፍላይ እንግሊዝ ብብዝሒ ኣንብብ።

### መጽሓፍ ተርጒምኪ ኣለኺ'ሞ - ንክትኣዝምያ ክንደይ ዝኣክል ግዜ ወሲዱልኪ? ትሕዝቶኣ'ኸ እንታይ'ዩ?

እዛ ዝተርጎምኩዋ መጽሓፍ ማለት 'ተኣምራታዊት ስእሊ' ካብ ናይ እንግሊዝ



መጽሓፍ (The picture that came alive) እትብል መጽሓፍ ዝተተርጎመት እያ። ምስ ኣንበብኩዋ ኣዚያ መሲጣትኒ ካልኦት ተመሃሮ ብቛንቋ ትግርኛ ንኽንብብዋ ድማ ክትርጉማ ጀሚረ። ነዛ መጽሓፍ ጀሚረ ክሳብ ዘሕትማ ከባቢ ዓሰርተ ሓደ ኣዋርሕ ወሲዳትለይ። ትሕዝቶኣ ናይ ጸሊም ኣፍሪቃዊ ነልሰን ማንዴላ ኮይና፡ ብዛዕባ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ዘሕለፎ ህይወት ኮይኑ፣ ብሓፈሻኡ ክትሪኣ እንከለኻ ከኣ፡ ኣብ ልዕሊ ጀጋኑ ደቂ ሃገርና ክህልወና ዘለዎ ኩብሪ ትገልጽ።

### እዛ መጽሓፍ ንተማሃሮ እንታይ ትጠቕሞም?

መጀመርታ ናይ ንባብ ክእለቶም ንኽዓቢ ትሕግዞም። ተወሳኺ ድማ ከም'ዚ ናተይ ንኽጽሕፉ ትድርኾም። ኣብ ልዕሊ ዓበይቲ ዝህልወና ኣጠማምታ እተማእዝነን ንዓበይቲ ኩብሪ ንኽንዝህብ እትቕስቅሰን እያ።

### ነዛ መጽሓፍ ክትትርጉሚ እንከለኺ እንታይ ይኸብደኪ ነይሩ፧

ነዛ መጽሓፍ ክትርጉማ እንከለኹ ብዙሕ'ኳ ኣይኮነን እምበር ገለ ቃላት ናይ እንግሊዝ ኣበሃህላቶም ይኸብደኒ ነይሩ። ንሰባት እናሓተትኩን መዝገበ ቃላት እናተወከስኩን ድማ ይሰርሕ ነይረ። ብሓፈሻ ግን፡ ኣብቲ ሓሳብ ኣተኩረ ስለዝተርጎምኩዋ ብዙሕ ኣይተሸገርኩን።

### መጽሓፍ ምትርጓምን ትምህርትን ከመይ ተሳንዮዮ ነርኪ?

ነዛ መጽሓፍ ክትርጉም እንከለኹ ኣብ ትርፊ ግዜ እየ ዝትርጉማ ነይረ። ኣብ ትምህርተይ ከይሓምቕ ናጻ ግዜ ኣብ ዝረኽበሉ ነዛ መጽሓፍ እትርጉም ነይረ። ብኸምኡ እያ ዓሰርተ ሓደ ወርሒ ወሲዳትለይ።

### ተማሃሮ ከምዚ ናትኪ ንኽበርክቱ እንታይ ትላበውዮም?

ኣነ መጽሓፍ ክትርጉም ዝተበገስኩሉ ብቅዱስ ቅንኢ እዩ። ኣብ ቤት ትምህርቲ ፍልጠት እናተማሃርኩ እንከለኹ፣ ኤታን ዳዊትን ሩት ተወልደመድህንን መጽሓፍ ተርጒሞም ነይሮም። እዚ ናቶም ንኡድ ስራሕ ንዓይ ንኽትርጉም ኣበራቲዑኒ። ስለ'ዚ ተመሃሮ ጽቡቕ ስራሕ ክሰርሑ እንክለዉ ቅዱስ ቅንኢ ክቕንኡ ኣለዎም እብል። ተስፋ ከይቆረጹ ድማ ንኽዕወቱ ክሰርሑ ኣለዎም እብል።

### ካብ ናይ ሃገርና መጽሓፍቲ እትፈትውዎ መጽሓፍን እተድንቕዮ ደራስን?


ካብ ናይ ሃገርና መጽሓፍቲ ኣዝየ ዘድንቓ መጽሓፍ 'መጽሓፍ ጊታኖ' እያ። ብዙሕ ግዜ ኣንቢበያ ኣለኹ። ንደራሲኣ ኣቶ ኣለምሰገድ ድማ ነዛ መጽሓፍ ስለዝጸሓፈልና ኣድንቖ።

### ኣብ ጽሑፍ ናይ መጻኢ መደብትኪ ከመይ ይመስል?

መጀመርታ ካብ መጽሓፍቲ ብዙሕ ትምህርቲ ስለዝርከብ ከንብብ መደብ ኣለኒ። በዛ ተርጉመያ ዘለኹ መጽሓፍ ከይተዛነኹ ካልእ መጽሓፍ ክትርጉም እየ። ተማሂረ ኣብ ዝለዓለ ደረጃ በጺሐ፡ ናይ ምጽሓፍ ክእለተይ ከዕቢ እትስፎ።

### ኣብዛ መጽሓፍ ዝሓገዙኺ ከተመስግኒ ዕድል ክህበኪ?

መጀመርታ ንኣቦይን ኣደይን ብልቢ ኣመስግኖም። ምኽንያቱ፡ እዛ መጽሓፍ ብሳላ ናቶም ሓገዝ እያ ተሓቲማ። ንኣሕዋተይ፡ ንመምህር ያቆብ መርሃዊ፡ ንመማህራን ቤት ትምህርቲ ዲያእ፡ ንተመሃሮ ቤት ትምህርቲ ዲያእ፡ ንመሓዙተይ ኣዚየ ኣመስግኖም።



# ንቑሕ ደበና

ሄለን መኸታ

# ሰውራ ኤርትራ ዝመሃዞ፡ ፍቱን መድሃኒት ስነ-ኣእምሮ

2ይን መወዳእታን ክፋል

ኩናት፡ ኣብ ጥዕና ኣእምሮ ዘለዎ ሳዕቤን ዘርዚርካ ኣይውዳእን እዩ። ኣብ ኩናት ዝተሳተፉ ወተሃደራት ይኹኑ፡ ኣብቲ ከባቢ ዝነብሩ ህዝቢ፡ ውግእ ድሕሪ ምዝዛሙ ናብ ንቡር ኩነታት ክምለሱ ንውሕ ዝበለ ግዜ የድልዮም። ገለ ሕብረተሰብ፡ ክንክን ስነ-ኣእምሮ ከም እንኮ ኣማራጺ ብምውሳድ፡ ሕክምናውን ማሕበራውን ደገፋት ክገብሩ ይረኣዩ እዮም። ናጽነት ኤርትራ ድሕሪ ምርግጋጹ፡ ህዝብን ሰራዊት ኤርትራ ሓጉሱ ጸንቢሉ፣ ብዘይ ወዓል ሕደር ናብ ህንጸት ሃገር ተሰጋገሩ። ንኻሕሳ ምሕታትን ክስን'ውን ግዜ ኣየጥፈኣን። ከምዚ ዝበለ ጽንዓትን ትግሃትን ዜጋታት፡ ሃገር ወይ ሰራዊት ክትርኢ ዘገርም እዩ። ስለዝኾነ እዩ ኸኣ ከምቲ ዓባያትና ዝኣምኖኦ፡ "ኣብ ሰውራ ኤርትራ ዝወሃብ ንእሽትይ ዝወሓጥ ከኒና ዶ ነይሩ ይኸውን?" የብለካ። ብዛዕባ ሰውራ ኤርትራ ምስ ኣንበብናን ዛንታታት ምስ ሰማዕናን ግን፡ ኣብ ገድሊ፡ ኣካላዊ ጥራይ ዘይኮነ ስነ-ኣእምሮኣዊ ሓይሊ ናይ ወገናቱ ንምሕያል'ውን ዕቱብ ወፍሪ ይገብር ከም ዝነበረ ትርዳእ። ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ናይዚ ጽሑፍ፡ ተመኩሮ ተጋደልቲ ብኸመይ ይፍለን እንታይ ረቛሒታት'ዩ ንጥዕና ስነ-ኣእምሮኦም ሓጊዙን ክንዝርዝር ጀሚርና ነይርና። ቀዳማይ ረቛሒ፤ ንጹር ዕላማ ምህላው፡ እንታይ ኣገድስነት ኣለዎ ምስ ገለጽና፡ ኣብ ካልኣይ ክፋል ክቕጽል ምዃኑ ሓቢርና፡ ተፈላሊና። ንሎሚ ኸኣ እቶም ነዚ ፍቱን መድሃኒት ስነ-ኣእምሮ መማዕበሊ ዝኾኑ ዝተረፉ ረቛሒታት ክንዝርዝር ኢና።

2- ዋንነት

ድሕሪ ዕላማ ዝመጽእ ካልኣይ ረቛሒ እምበኣር 'ዋንነት' እዩ። ስምዒት ዋንነት፤ እንታይ ገደስኒ፡ ካልእ ሰብ ይዕየዮ፡ ይጽንሓለይ፡ ንዓይ ይጥዓመንን ካልእን ዝብሉ ጻህያይ ባህርያት ደቂ ሰብ ይጽህየልካ። ብኑብሱ ዝመሓደርን ሓላፍነታውን ኣባል ክትሃንጽ ከኣ የኽእል። ኣብ ዝኾነ ውራይ ምስ እንኸይድ፡ ብዓል ውራይን ጋሻን ብዓይንና ርኢና ክንመምዮም ንኽእል ኢና። ሕማቕ እናረኣየ ስቕ ዝብል ወይ ኣፉ ጉምጂጹ ዝሓሚ እንተ ሃልዩ፡ ብዓል ውራይ ዘይምዃኑ ፍሉጥ እዩ። እቲ ከይተሓተተ ወይ ግበር ከይተባህለ ዝዓይይን ነጠፍጠፍ ዝብልን ከኣ ብዓል ውራይ ምዃኑ ኣይተስሕቶን። ተጋደልቲ፡ ሰውራ ኤርትራ "ውራይና እዩ" ኢሎም ስለዝኣመኑ ክቃለሱን ክሰውኡን ከም ግብኦም እዮም ወሲዶሞ። "ዋናታቱ ኢና፡" ኢሉ ንዝኣምን ኣብ መስርሕ ንዝመጽእ ዝኾነ ይኹን ብድሆ ናይ ምቕባሉን ምፍትሑን ሓላፍነት የስክሞ። ዝበዝሐ ብድሆታት ብ'ጸቕጢ ድሕረ-ማህሰይቲ' (post-traumatic stress disorder) ዝሳቐዩ ወተሃደራት፡ "ኣብ ዘይጉዳይና ኢና ንቃለስ ዘለና፣ ዘይመሬትና ኢና ንወርር ዘለና፣ እዚ ኩናት ንዓይ እንታይ ይዓብሰለይ" ዝብሉን ካልእን ናይ ዘይዋንነት ስምዒታት ኣብ ዘለዎም እዩ ዝርአ። ወተሃደራት ኣመሪካ፡ ካብቲ ምስ ጣሊባን ዘካይድዎ ዝነበሩ ውግእ፡ እቲ ብህዝቢ ኣፍጋኒስታን ዘወርዶም ዝነበረ መጥቃዕትን ዘይተቐባልነትን ዝለዓለ ስነ-ኣእምሮኣዊ ማህሰይቲ ኣስዒቡሎም። ኩሉ መጥቃዕቲ ኣካላዊ ማህሰይቲ ኣለዎ፣ እንተኾነ እቲ ብህዝቢ ዝወርዶም መጥቃዕቲ ነቲ "ኣብዚ ክንህሉ ኣይነበረናን፡ ኣብ ዘይቦታና ኢና ዘለና፡ እዚ ውግእ እንታይ'ዩ ጥቕሙ" ዝብል ሕቶታት ዘበጋግስ ስለዝነበረ እዩ። እናተጠራጠርካ፡ ከም ዘይተዓደመ ጋሻ ትኸዶ ጉዕዞ ዘይምዕዋቱ ፍሉጥ ኮይኑ ናይ ኣእምሮ ጸቕጢ'ውን የስዕብ። ተጋደልቲ ኣብ ጉዕዞ ብረታዊ ቃልሲ፡ እቲ ቃልሲ ቃልሶም፡ እቲ መሬትን ባሕርን መሬቶምን ባሕሮምን፡ እቲ ህዝቢ ኸኣ ህዝቦም ምዃኑ ይኣምኑ ነይሮም። እዚ "ዜግነታዊ ሓላፍነትና ኢና ነተግብር ዘለና" ብዝብል ዝተሃንጸ ልዑል ስምዒት ዋንነት፡ ስነ-ኣእምሮኣዊ ዕረፍትን ሰላምን ይህቦም ነይሩ።

3- ስነ-ኣእምሮኣዊ ድሉውነትን ምቕባልን

"ናብ ገድሊ ክንቃለስ፡ ሓንሳእ ምስ ደቂ ገዛውተይ ሓንሳእ በይነይ፡ ሰለስተ ግዜ ከይደ 'ኵንታል በሊዕኪ ምጽኢ፡' ኢሎም መሊሶምኒ።" ሓንቲ ተጋዳሊት ብኸመይ ከም ዝተሰለፈት ምስ ሓተትናያ ዝመለሰትልና መልሲ እዩ። እቲ ክስለፍ ዝመጽእ መንእሰይ፡ ብዕድመ ይኹን ብተመኩሮ ነቲ ኣብ ገድሊ ክጓንፎ ዝኽእል ብድሆታት ድሉው ክኸውን እዩ እቲ ኵንታል ምብላዕ። ደቂ ሰብ፡ ንበዳሂ ኩነታትን ተኸቲሎሞ ዝመጽኡ ኣሉታውያን ስምዒታትን ሓሳባትን ናይ ምቕባል ተፈጥሮኣዊ ብቕዓት ኣለዎም። ንዝኽሰቱ ኣሉታውያን ስምዒታትን ሓሳባትን ብዘይ ፍርዲ ወይ ምስትንታን ከም ዘለዎ ምቕባል "ልሙድ ምቕባል" (habitual acceptance) ብዝብል ሓረግ ኣብ ዝተፈላለዩ ጽሑፋት፡ ኣብነታት ክንረኽበሉ ንኽእል። ምቕባል፡ በዳሂ ኩነታት ካብ ከኸትሎ ዝኽእል ሳዕቤናት (ኣካላዊ ስንክልናን ሞትን)፡ ብጸቕጢ ስነ-ኣእምሮ ዝገደደ ከይንህሰ ይሕግዝ። ካብ ኩናት ብዘይ ዝኾነ ኣካላዊ ማህሰይቲ ዝደሓኑ፡ ግን በቲ ዝርኣዩዎን ዝሰምዕዎን ኣእምሮኦም ዝህሰዩ ሰባት ኣለዉ። ብኣንጻሩ፡ ብስኩጆታት ኣካላቱ ዘይረአ፡ እንተኾነ ስነ-ኣእምሮኣዊ ሰላም ዝተዓደለ ሰብ ክንረክብ ንኽእል። ኣብ ሓደ "ምትእስሳር ስነ-ኣእምሮኣዊ ምቕባልን ጥዕና ኣእምሮን" ዘጽንዐ ምርምር ዝተሳተፉ ተመራመርቲ፡ ናይዞም ክልተ ዓይነት ሰባት ፍልልይ፡ "ኣብ ምቕባል እዩ" ይብሉ። እቶም ተመራመርቲ፡ 'ምቕባል'፡ ካብቲ ዘጋጥም በዳሂ ኩነታት፡ ኣእምሮና ኣሉታዊ ተመኩሮ ሒዙ ናይ ምውጻእ ተኽእሎኡ ከም ዘውሕድ ኣብ ምግባር ዓቢ ተራ ኣለዎ ይብሉ። ብተወሳኺ፤ ምቕባል፡ ንኣጨናቒ ኩነታት፡ ኣእምሮኣኻ ከይሃሰኻ ፍታሕ ኣብ ምንዳይ ይሕግዝ እምበር፡ ነቲ ኩነታት ዘስዕቦ ማህሰይቲ ከም ዘይከላኸል የረድኡ። እቲ መጽናዕቲ፡ 'ምናልባት ጉዳይ ጆንደር፡ ብሄር፡ ወይ'ውን ማሕበረ-ቍጠባዊ ፍልልያት ምስ ዝህሉ፡ ዝተፈልየ ውጽኢት የርኢ ይኸውን፡' ብምባል ጉድናዊ ትንተና ኣካይዱ ነይሩ። እንተኾነ፡ ዝተፈላለዩ 'ረቛሒታት ናይ ፍልልያት' ዋላ ደኣ ይሃሉ፡ እቲ ውጽኢት፡ ናይ ምቕባል ልምዲ ዘለዎም ሰባት ዝሓሸ ኣእምሮኣዊ ጥዕና ከም ዘለዎም ይገልጽ። ኣብ ብረታዊ ቃልሲ ኤርትራ፡ ደቂ ኣንስትዮ ዝርከብኦም፡ ካብ ውሽጥን ወጻኢን ሃገር ዝመጽኡ መንእሰያት ዝሓቘፈ'ዩ ነይሩ። ካብ ዝተፈላለዩ ብሄራትን ማሕበረ-ቍጠባዊ ደረጃን ዝመጽኡ'ውን እዮም ነይሮም። እዚ ፍልልያት ናይ ድሕረ-ባይታ ግን ኣብ ጥዕና ስነ-ኣእምሮኦም ዝኾነ ኣሉታዊ ጽልዋ ኣይነበሮን። "ምስ ህዝብኻ መዓት ዳርጋ ጋዓት" ከም ዝበሃል፡ ዝያዳ እኳ ነቲ ናይ ምቕባል መስርሕ ኣቕሊልዎ ነይሩ እብል።



4- ኣማሓድራን መሪሕነትን

ድሕሪ ካልኣይ ኩናት ዓለም፡ ጉዳይ ናጽነት ኤርትራ ጉዳይ ብዙሓት ኣካላትን ሃገራትን ኮይኑ ነይሩ እዩ። ንረብሓ ኤርትራ ዝሓሰበ ግን፡ ብዛይካ ኤርትራዊ ካልእ ኣይነበረን። ሰውራ ኤርትራ ዘዐወቱ ብርክት ዝበሉ ዓበይቲ ፖለቲካውን ወተሃደራውን ስትራተጂታት ነይሮም እዮም። ሰውራ ኤርትራ ካብቶም ካልኦት ዝፈልዮ፡ ዓውደ ኩናት ክመርሕ ጥራይ ኣይኮነን ተበጊሱ። ኣብ ስሜናዊ ሳሕልን ካልእ ከባቢታትን ዝተደኰና ደጀናት ከም መፈለምታ (proto-type) መጻኢት ኤርትራ ክኾና ብዝኽእላሉ ኣገባብ እየን ተሃኒጸን። መሪሕነት ሰውራ ኤርትራ፡ ውሽጣዊ ምሕደርኡ ንምድልዳል፡ ፖሊሲታቱ ተግባራዊ ንምግባሩ፡ ብዘለዎ ዓቕሚ ንህዝቢ ዘድልዮ ጠለባት ንምቕራብ፡ ኩለንትናዊ ንቕሓት ተጋደልትን ህዝብን ኣብ ምዕባይን ካልእን ዝሰርሓሉ ዝነበረ ውድባዊ ቅርጺ ዘገርም እዩ። ትንፋስ ዘይህብ ኩናትን ኣብ ህዝቢ ዝወርድ ዝነበረ ግፍዕን ተጸሚምካ፡ ትብልያ ዘይብልካ ንመጻኢ ብምሕሳብ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ጽላታት ወፍሪ ከተካይድ ምኽኣል፡ ሓያል መሪሕነት ከም ዝነበረ እኹል መዐቀኒ ክኸውን ይኽእል። ሓያል መሪሕነትን ምሕደርኡን፡ ጻዕሪ፡ ተጻዋርነትን መስዋእትን ተጋዳላይ ትርጉም ከም ዝህልዎ ገይሩ እዩ። ኤርትራ፡ ኪንዮ መሬታ ሓራ ምውጻእ፡ ቍጠባዊ ሓርነት ክህልዋ "ርእሰ-ምርኰሳ" ዝብል መትከል ከም ባህሊ ብምስራጽ፡ ከም ካልኦት ሃገራት ብእንጀራ ከም ዘይግዛእ ገይሩ።

"ትኣምኖ ልኢኽካ እንታይ ተሪፉኒ ኣይተብል፡" ይብሉ ለባማት፣ ተጋደልቲ ኣብ መሪሕነት ሰውራ ኤርትራ እምነት ስለዝነበሮም፡ ሓደ ካብቲ ኣብ ጥዕና ኣእምሮኦም እወታዊ ጽልዋ ዝነበሮ ረቛሒ እዩ። ሓለፍትኻ ምስኻ ቦጅቦጅ ክበልዑ፡ ከም ሰቦም ኮንጎኦም ክልግቡ፡ ነብሶም ክነቕፉን ክንቀፉን ምርኣይ፡ ንጥዕና ኣእምሮ ተጋደልቲ ጥራይ ዘይኮነ፡ ንጥዕና እቲ ሰውራ'ውን ድልዱል ሰረት ኮይንዎ እዩ። መራሕቲ ሰውራ ኤርትራ ንመዓልታት ተጓዒዞም፡ ሰሚናር ናብ ዝካየደሉ ቦታ በጺሖም፡ ንልዕሊ 7 ወይ 8 ሰዓታት ደው ኢሎም፡ ሰሚናሮም ብምኽያድ ከየዕረፉ፡ ናብ ካልእ ጉዕዞ ክብገሱ ምርኣይ፡ ነብስኻ ኣብ ሚዛን ዘቐምጥ ተርእዮ እዩ።

ድሕሪ ኩናት፡ ድሙ ድሙ ጸሚቕካ ምስዕሳዕ፡ እታ ዝፈትዋ ክፋል ታሪኽ ገድሊ እያ። ካብቶም ደቀቕቲ ዝመስሉ ግን ሓያል ጽልዋ ዝነበሮም ንጥፈታት ሓደ፡ ባህላዊ ምርኢታት እዩ። ባህላዊ ምርኢታት ብዘይካ እቲ ኣብ ጕስጓስን ንቕሓትን ዝነበሮ ኣገዳስነት፡ ኣብ ስነ-ኣእምሮ እውን እወታዊ ጽልዋ ነይርዎ። ኣብ ገድሊ ዝፈረዩ ደርፍታት፡ መድሃኒት ተጋዳላይን ህዝብን እዮም ነይሮም። እቲ ዘገርም፡ እዞም ደርፍታት ልዕሊ 33 ዓመት ኣቑጺሮም እንክነሶም፡ ሕጂ'ውን ሃገራውነትን ሓድነትን ይቕስቅሱ ምህላዎም እዩ። ልዕሊ ኹሉ ኸኣ ክሳዕ ረሃጽ ብረሃጽ ትኸውን የሳዕስዑኻ።

5- ደገፍ ህዝቢ

ሰውራ ኤርትራ፡ ንብረታዊ ቃልሲ ጥራይ ኣይኮነን ዘመሓድር ነይሩ። ክፍሊ ህዝቢ (ጀማሂር) ዘመሓድሮን ዝምልሶ ዝነበረ ሕቶታት ህዝብን ምስክር ዋንነት እዩ። ሎሚ ዶ ጽባሕ ክሰዋእ ዝብል ዝነበረ ተጋዳላይ፡ ኣብ ምጥፋእ መሃይምነት፡ ጉዳይ ማዕርነት ደቂ ኣንስትዮ፡ ኣገልግሎት ጥዕና ብነጻ ከተኣታቱ፡ ማእከላት ጥዕና ክሃንጽን ካልእን ክሰርሕ፡ ኣብ ህዝቡ ዝነበሮ ልዑል ፍቕርን ሓላፍነትን እዩ ዘመስክር። እዚ ስምዒት ዋንነት ከኣ እዩ ጸረ እቲ ኩለንትናኻ ዘዕኑ ኩናት ዝኾነ። ደገፍ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ሰውራ ኤርትራ፡ ብዓቢኡ ንዓወት እቲ ሰውራን ምምጻእ ናጽነት ደፋኢ ረቛሒ ነይሩ። ህዝቢ ኤርትራ ብኹለንትኡ እዩ ንመግዛእትን ጭቆናን ተቓሊሱ። ዘይቀጥታዊ እምቢታ ኣብ ንጥፈታት ዝነበረ ግዛኢ ስርዓት፡ ንህዝቢ ኤርትራ ኣደዳ ግፍዒ ክኸውን ኣኽኢልዎ። እንተኾነ ኣብ ውሽጥን ደገን ዝነበረ ህዝቢ፡ ንሰውራ ኤርትራ ብንዋት፡ ገንዘብ፡ ምስጢራዊ ስርሒታት ብምስራሕን ብምሕጋዝን ኣብ ጐድኒ ደቁ ደው ከም ዝብል ኣመስከረ። ምርቓን ጸሎትን ወለዲ ዘይረአ ስንቂ ስነ-ኣእምሮ ኮኖም። ቈልዑን ኮተቴን፡ ከምዚ ሕጂ ምስ ዓበኻ እንታይ ክትከውን ኢኻ ተባሂሎም "ዶክተር" ወይ "መሃንድስ" ክኸውን እየ ዝደሊ ዝብሉ፡ ሽዑ ግዜ ኸኣ "ተጋዳላይ" ክብሉ ከለዉ ዝፈጥሮ ስምዒት፡ መድሃኒት እዩ። ከም ሞዴሉን ጅግናኡን ንዝኣምነካ ህዝቢ ምቅላስን ምስዋእን ስነ-ኣእምሮኣዊ ሰላም እዩ ዝህብ። እዚን ካልእን ስለዝኾነ እዩ ኸኣ ተጋደልቲ ብዛይካ እቲ ጥይት፡ መዳፍዕን ፈንጅታትን ዝወሰዶ ክፋል ኣካላቶም፡ ስነ-ኣእምሮኦም ዘይተተንከፈ። ህዝብን ሰራዊትን ኤርትራ፡ እዚ ኹሉ ምእማኑ ዘጸግም ህይወት ኣሕሊፉ እንክነሱ፡ ባህሉን ጭውነቱን ዓቂቡ ገና ኣብ ውራዩ ተጸሚዱ ክሰርሕ ምርኣይ፡ ብርግጽ ኣብ ስነ-ፍልጠት ሓንጐል ደቂ ሰብ ዘይበጻሕናዮ ከም ዘሎ ዘረድእ እዩ።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## Vacancy Announcement

Eritrea Sichuan Mineral Construction CORP. LTD. (ESMC) is inviting applicants for the following position for Asmara project sites.

Position: Cashier
Department: Finance
Number Required: 01
Contract Type: Indefinite

Major Duties and Responsibilities

- Precisely and timely, prepare employees salary.
- Take out bank statement from banks.
- Monthly tax payment at Inland Revenue.
- Deposit in banks by checks.
- Preparing letters for banks to withdraw cash for salary, withdrawal of Nakfa for petty cash, transfer of money for salary and any other requests from banks as needed.
- Transfer of money for salary from banks in Nakfa and foreign currency.
- Executing employees payroll and notify bank for posting settlement.
- Withdrawing cash from banks for salary and petty cash.
- Identify and solve fast errors made internally and externally.
- To simplify and remove errors related to bank and tax payment.
- To prepare clear and simple documents to accountants.
- Deposit in banks by cash.
- In addition, other instruction given by line manager.

Qualification and other Skill

| | |
|---|---|
| Formal education, certificate or equivalent | ❖ Diploma in accounting or finance. |
| Work Experience – Nature & Length | ❖ Knowledge of financing, handling of cash<br>❖ Knowledge of rules, regulations & working principles of local banks and inland revenue<br>❖ Knowledge of business transactions |
| Other skills and abilities | ❖ Basic knowledge of computer, good knowledge of MS office especially in excel and work.<br>❖ Effective spoken and written communication.<br>❖ Attention to details, deliver results according to company procedure & solution oriented<br>❖ Team player and good interpersonal communication skills |

General Information and Other Requirement

- Place of Work: Asmara Project Sites (Emba Derho)
- Salary: As per Company salary scale

Additional Requirement for Nationals:

- Having fulfilled his/ her National Service Obligation and Provide evidence of Release Paper from Ministry of Defense.
- Present Clearance from current/ last employer or Unemployment card from Labor office.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credential, a copy of your National Identity card etc.)
- Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to sender.
- All application should be sent through the post office.
- Deadline for application; 05 days from the date of publication on the newspapers

Address: Please mail your application to;
Eritrea Sichuan Mineral Construction CORP. LTD (ESMC)
P.O. Box. 4832 Asmara, Eritrea

Required to send a copy of their application to the following address
Mineral Resources Management, Department of Mines
P.O. Box. 272
Asmara, Eritrea

Note to Eritrean applicants:
Please send a copy of your application to
Aliens Employment permits Affairs,
P.O. Box 7940 Asmara, Eritrea

## Letter of Invitation for Bids

Massawa, Eritrea
16th May, 2024
Re: Supply of materials and equipment for organic fertilizer production,
Ref: MMR/FReMP/G/ICB/G34/2024

1. The Ministry of Marine Resources of the State of Eritrea has received financing from the International Fund for Agricultural Development (IFAD) towards the cost of Fisheries Resources Management Programme (FReMP) and intends to apply part of the financing for the purchase of these goods. The use of any IFAD financing shall be subject to IFAD's approval, pursuant to the terms and conditions of the financing agreement, as well as IFAD's rules, policies and procedures. IFAD and its officials, agents and employees shall be held harmless from and against all suits, proceedings, claims, demands, losses and liability of any kind or nature brought by any party in connection with Fisheries Resources Management Programme (FReMP).
2. The Fisheries Resources Management Programme is under implementation starting from 2017 and expected to phase out by the year 2024. The Programme will contribute to the development goal of "increased household food and nutrition security and the alleviation of rural poverty". The Programme development objective is "increased incomes and improved nutrition situation for targeted beneficiaries and sustainable management of natural resources". In pursuit of this objective, FReMP will support the marine and inland small scale fisheries to produce a surplus within the maximum sustainable yield of the fisheries and forge sustainable partnership linkages with various actors along the fish production and marketing channel. The aim will be to transform the small scale fisheries sector in Eritrea from subsistence to a sustainable commercial sector.
3. This IFB follows the general procurement notice that appeared on the United Nations Development Business (UNDB) website on 07 June, 2023.
4. The purchaser now invites sealed bids from eligible entities ("bidders") for the provision of equipment for Supply of materials and equipment for organic fertilizer production. More details on these goods and related services are provided in the schedule of requirements in this bidding document.
5. This IFB is open to all eligible bidders who wish to respond. Subject to the restrictions noted in the bidding document, eligible entities may associate with other bidders to enhance their capacity to successfully deliver the goods and related services.
6. Bidding will be conducted using the International Competitive Bidding (ICB) method, the evaluation procedure for which is described in this bidding document, in accordance with the IFAD procurement handbook which is provided on the IFAD website https://www.ifad.org/documents. The ICB process, as described, will include a review and verification of qualifications and past performance, including a reference check, prior to the contract award.
7. Please note that a pre-bid conference will not be held as described in the bid data sheet BDS, Section II of the bidding document.
8. Bids must be delivered to the address below in a manner specified in the BDS ITB 25 no later than 01/07/2024 at 10:30 AM.

The State of Eritrea
Ministry of Marine Resources
Fisheries Resources Management Programme (FReMP)
Address: Ministry of Marine Resources Head Quarter (Ex- college of Marine Science and Technology)
Tele No: +291-1-541239, P.o.box: 27
E-mail: frempnpc@mmreri.org/ frempprocurement@mmreri.org
Fax number: 291-1-540036/540081
Massawa, Eritrea

9. Bidders should be aware that late bids will not be accepted under any circumstances and will be returned unopened to the bidder. All bids must be accompanied by a bid-securing declaration.
10. Please note that electronic bids shall not be accepted as defined in ITB BDS 25.

Yours sincerely,

Helen Negasi
Procurement Specialist and Contract Manager
Ministry of Marine Resources
Massawa, Eritrea
E-mail: frempnpc@mmreri.org/ mmr-procurement@mmreri.org
Fax number: 291-1-540036/540081

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## ቤት-ፍርዲ ኣስመራ

ሰቲ መብራህቱ ሰለሙን ምባል ተረፉ፣ ዕግበት መብራህቱ ሰለሙን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበልት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 1ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ህዝባዊት ተስፋይ መሓሪ ተኸሳሲ ኣቶ ኣብርሃም ገብረሂወት፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን29/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ቕረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክርአ ምኳኑ ፍለጥ፡፡

ዘቢብ ሸፉ መሓመድ ምባል ተረፉ፣ ዘቢባ ሸፉ መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/6/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

ጉዑት ዑቕባሚካኤል ተስፋጽዮርጊስ ምባል ተረፉ፣ ሄቨን ዑቕባሚካኤል ተስፋጽዮርጊስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/6/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ወ/ሮ ሰለማዊት ኣብርሃም ሚካኤል፡ በዓል ቤተይ ተጋ/ተስፋይ ሰለሙን ሰረቐ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቁ ድማ ወረስቲ ምኳኖም ይረጋገጸለም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/6/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ከሳሲ ቀሺ ብርሃ ተኽለ ተኽሊት፡ ተኸሳሲ ኣቶ ሳልሕ መሓመድዓሊ ሳልሕ፡ ኣብ መንጎ ከሳሲን ተኸሳስን ዘሎ ናይ ስም ምትሕልላፍ ክርክር፡ ተኸሳሲ ንጹር ኣድራሻኻ ስለዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ተጸዊዕካ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን24/6/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቕረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክርአ ምኳኑ ፍለጥ፡፡

እርጋኣለም ኣብርሃ ተስፋማርያም፡ ኣቦና ኣብርሃ ተስፋማርያም ስለዝዓረፈ፡ ንኣዴና ወ/ሮ ኣሰፋሽ ካሕሳይ ሃብቱ ናይ መጸምዲ ማሰላ ክሕለወላ፡ 2 ደቁ ከኣ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለዝበልት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/6/24 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ ፈቨን መሓሪ ወልደሚካኤል ወከል ኣቶ መሓሪ ወ/ሚካኤል ገ/ሂወት፡ ተኸሳሲ ኣቶ ክብሮም ኪዳኔ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን25/6/24 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ቕረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክርአ ምኳኑ ፍለጥ፡፡

ለምለም ሓጎስ ኣስገዶም ምባል ተረፉ፣ ሳራ ሓጎስ ኣስገዶም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/6/24 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ኣይንኣለም ተወልደ ጉብረ፡ በዓል ቤተይ ቀሺ ገ/ወልደ ተስፋማርያም ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 9 ደቁ ከኣ ወረስቲ ምኳኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/6/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ከሳሲ ኣቶ ንጉሰ ኣስመሮም፡ ተኸሳሲት ወ/ሮ ኣኽበረት ሞገስ ሰጊድ፡ ክሲ ተመስሪቱልኪ ስለዘሎ፡ ተኸሳሲት ኣድራሻኺ ስለዘይተፈልጠ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕኪ ን18/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ቕረቢ፡፡ እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኽሉ ክርአ ምኳኑ ፍለጢ፡፡

ወ/ሮ ምሕረት ዑቕባሚካኤል፡ በዓል ቤተይ ኪዳነ ገብረብርሃን ባህታ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምኳኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/6/24 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ሚካል ሳምሶም ደስታ፡ ተኸሳሲ ተስፋት ዘርኣይ ተወልደ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን25/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክርአ ምኳኑ ፍለጥ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ ኣሚና መሓመድ፡ ወከል ኣቶ ኑረዲን ምስጦፋ፡ ተኸሳሲት ወ/ሮ ማዓሾ ጸጋዘኣብ፡ ክሲ ተመስሪቱልኪ ስለዘሎ፡ ኣድራሻኺ ስለዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕኪ ን18/6/24 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ቕረቢ፡፡ እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብዘየለኽሉ ክርአ ምኳኑ ፍለጢ፡፡

ሃኒ ሃይለ ምባል ተረፉ፣ ሃኒባል ሃይለስላሴ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/6/24 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ግሎርያ ሓይልኣብ ኣሰፋው ምባል ተረፉ፣ ሆሳእና ሓይልኣብ ኣሰፋው ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/6/24 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ሳደን ሰዒድ ዓብደልዋሰዕ ምባል ተረፉ፣ ዓማር ሰዒዳ ዓብደልዋሰዕ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/6/24 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ናእሚ ሚከኤለ ፍስሃ ምባል ተረፉ፣ ናእሚ ሚከኤለ ቫለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/6/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ዓዲ ጓዕዳድ

ሲሞና ሃብተኣብ ኣማኑኤል፡ ስም ኣደይ ወርቁ ተሰፉ ምባል ተረፉ፣ ልዋም ታደሰ ኪዳነ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዞ/ደ ዓዲ ቐይሕ

ወ/ሮ ፍረወይኒ ሚከኤል ገብረጻድቕ፡ ስም ጓለይ ሚሊትን ሰልቫናን ምባል ተረፉ፣ ሲና ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣመስወርቂ ፍትዊ ተስፋማርያም ምባል ተረፉ፣ ሰላም ፍትዊ ተስፋማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣርያምን ትምኒትን ምባል ተረፉ፣ ኣድያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ስም ት/ዕድመ ወደይ ተስፋማርያም ሓድሽ ምሳሽ ምባል ተረፉ፣ ርሑስ ሓድሽ ምሳሽ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሓሊማ ኢብራሂም ዳኒ ምባል ተረፉ፣ ሓሊማ ኢብራሂም መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ኣቶ ርእሶም ከሰተ ተስፋሚካኤል ምባል ተረፉ፣ ርእሶም ከፈተ ተስፋሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲ ተስፋልደት ተኽሉ፡ ተኸሳሲት ወ/ሮ ልዋም ኣድሓኖት፡ ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን13/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቢ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ብስራት ቴድሮስ ተኽለ ምባል ተረፉ፣ ሉሊያ ቴድሮስ ተኽለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/6/24 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

## ቤት-ፍርዲ ዓረዛ

ቶማስ ብርሃ ባህታ ምባል ተረፉ፣ ዳዊት ብርሃ ባህታ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/6/24 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ኣፍምያ ታደሰ ተስፋይ ምባል ተረፉ፣ ወ/ሪት ሄርሜላ ታደሰ ተስፋይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/6/24 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

## ቤት-ፍርዲ ሰንዓፈ

ኣቶ ዳኒኤል በርሀ ተስፋሚካኤል፡ ኣደይ ለተማስቀል ገብረገርግስ ገብረሊባኖስ ስለ ዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ፌሩዝ ደብረጼን ካሕሰ ምባል ተረፉ፣ ፌሩዝ ደብሮም ካሕሰ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ወ/ሮ ማርታ ዳዊት ተፋገርግሽ፡ ኣቦይ ዳዊት ተስፋገርግሽ ደስታ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡


## ብስራት ካብ መድረኽ ማእከል ሞያዊ ስልጠና

ብኣዝዮም ምኩራት መማህራን ንኹሎም ሰራሕተኛታትን ተማሃሮን ኣብ ዘዝጥዕሞም ሰዓታት ስልጠና ይህብን ከምቲ ልሙድ ክረምታዊ ምዝገባ'ውን ጀሚሩ ከምዘሎ ይሕብር፡፡

### ሀ. ዘለውና ሞያዊ ስልጠናታት (Courses)

| | |
|---|---|
| ➢ ትምህርቲ ኮምፒተር | ➢ Graphics (CC-2017) |
| ➢ ኤሌክትሮኒክስ L-1 | ➢ Editing (CC-2017) |
| ➢ ጽገና ኮምፒተር | ➢ Mobile maintenance |
| ➢ ምስኣል ብደረቕን ተንቀሳቓሲ ካሜራ | ➢ Principle of Accounting + Peachtree |
| ➢ ኣውቶካድ | ➢ Peachtree and Tally software |

### ብተወሳኺ፥

1. Electronics Level 2 and Level 3
2. Printer and Photocopier maintenance
3. Graphics Level 2 (Illustrator and In Design)

፧ 2ን ልዕሊኡን ስልጠና ንዘወስዱ ዓቢ ምጉዳል ዋጋ ንገብር

፧ ንኹሎም ተማሃሮና ምትካል ድሽ ብነጻ ንምህር

ኣድራሻና፥ ንመጓዓዝያ ምቹእ ኣብ ማእከል ከተማ ድሕሪ ካርቱም ሆቴል ጎድኒ ዶር. ማሕሙድ ሕክምና ስኒ'ዩ፡፡

ቴሌ. 07204551/07218432/112244


ኣነ ፍጹም ተስፋይ ጉብረ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማይ-ተመናይ ዚፕ ኮድ 1A143 ፕሎት AST00005592 ፓርሰል ASP00015668-B ዘሎ፡ ኣብ 252 ት/ሜትሮ ዝተደኮነ 2 ቀንዲ 2 ሓገዝቲ ክፍልታት ኣብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ቁ.1,008068 ብስም ርግኣት ጉብረታትዮስ ዝተመዝገበ ገዛ ኦሪጂናል ሰነዳትን ሊብሬቶን ክረኽቦ ስለዘይከኣልኩ፡ ረኺብ ብዕዳ ወይ ብትሕጃ ሓዘዮ ኣለኹ ዝብል እንተሃልዩ፡ እዚ ምልክታ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ብቑ/ስልኪ 07120346 ክሕብረኒ፣ እንተዘየሎ ግን ካልእ ኦሪጂናል መተካእታ ክሓትት ምኳነይ እሕብር፡፡

ፍጹም ተስፋይ ጉብረ



## ምስጋና

ብምኽንያት ሃንደበታዊ ሞት ብልቢ እንፈትዎ፡ እኑፍቅሮን ወድና ሳምሶን ዘርኣይ መድሃኔ ዝተሰምዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ሃገረ ጀርመን (ስቱት ጋርድ ኮንቨርስትሃይም) ኣብ ስነስርዓት ቀብሩ ተረኺብኩም ዘቃበርኩምና ተቐማጦ ሃገረ ጀርመንን፡ ሚላኖን፡ ኢጣልያን ኣሓትናን ኣሕዋትናን ከምኡ'ውን ኣብ ከተማ ኣስመራ ኣብ ቤትና ብምምልላስ ብኣካልን፡ ብቴለፎንን ናይ ሓዘንና ተኻፊልኩም ዘጸናናዕኩም ቤተሰብ፡ ኣዕሩኽን፡ ፈተውትን የቐንየልና ሕሰም ኣይትርኣዩ እናበልና ሓዘንና ከምዝገለጽና ንገልጽ፡፡

ወለዱ፥ ዘርኣይ መድሃኔ ገ/ማርያም

ጸጋ ገብረየውሃንስ ደስታ

ትርሓስ ካሕሳይ ኣውዓለም

ምስ ምሉኣት ደቆምን ስድራቤትን

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ሕርይቲ ርእሶም ወልደሃይማኖት ምባል ተረፉ፥ ሕርይቲ ርእሶም ወልደሃዋርያት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ትምኒት ግርማይ ጸጋ፥ ተኸሳሲ ኣቶ ሕሩይ ተስፋይ ብስራት፥ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን18/6/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋቢያ ቁ.47 ቕረብ። እንተዘይቀሪብካ፥ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ።

ክብደት ኣብዩ ጊላጋብር፥ በዓል ቤተይ ተስፋይ ዞሚካኤል ተድላ ስለዝሞተ፥ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፥ 4 ደቁና ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ይቕረብ።

ወ/ሮ ርግበ ወልዳይ፥ በዓል ቤተይ ኣብርሃም መንግስትኣብ ክፍለ ስለዝሞተ፥ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፥ 6 ደቁና ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 13/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ይቕረብ።

የውሃንስ ኣርኣያ ሃይሉ፥ ሓወና ጸጋዘኣብ ኣርኣያ ሃይለ ጥፉእ ምዃኑ ወሳኒ ስለዝተወሰነ፥ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ጥራይ ወረስቱ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/6/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋቢያ ቁ.47 ይቕረብ።

ዊንታ ፍረዝጊ ተስፋማርያም ምባል ተረፉ፥ ዊንታና ፍረዝጊ ተስፋማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ይቕረብ።

ኣቤል ኣፈወርቂ ኣስፍሓ፥ ኣደይ ሂወት ኪዳነ የውሃንስ ስለዝሞተት፥ ኣነ ምስ 2ተተኣኸቲ ደቂ ሓወይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ይቕረብ።

ቤተልሄም ፍረው ተስፋይ፥ ኣቦና ፍረው ተስፋይ ወሃቡ ስለዝሞተ፥ ኣነ ምስ 1 ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ይቕረብ።

ርግኣት ተወልደ ወልደታትዮስ፥ በዓል ቤተይ ዘሙይ ተስፋሚካኤል ዓንደማርያም ስለዝተሰወአ፥ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፥ 5 ደቁ ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 10/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ይቕረብ።

ኣቶ ኀይትኦም ተኽለየውሃንስ፥ በዓልቲ ቤተይ መምጸገሪዳ ተስፋሚካኤል ስለዝሞተት፥ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፥ 4 ደቁና ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ኣማን ተኽለይ መሓሪ ምባል ተረፉ፥ ኣማን ተኽለ መሓሪ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/6/24 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋቢያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ቅድስቲ በርሀ ጉብረሚካኤል፥ በዓል ቤተይ ተስፋይ ተኽለይ ቀላቲ ስለዝተሰወአ፥ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፥ 6 ደቁና ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 20/6/24 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋቢያ ይቕረብ።

ኣልጋሽ በየነ ደስታ፥ ኣቡሓጎይ ትርሓስ ዋሴ ስለዝሞተ፥ ኣነ ምስ 1ሓወይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/6/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋቢያ ይቕረብ።

ኣስቴር ክፍላይ ተስፋማርያም፥ በዓል ቤተይ ሃይለጊዮርጊስ ጉብረየሱስ ጉብረክርስቶስ ስለዝሞተ፥ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፥ 4 ደቁና ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 24/6/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋቢያ ይቕረብ።

ጽሃይ ካሕሳይ ተፈራ፥ በዓል ቤተይ ደሴ ኣክሎም ተስፋሚካኤል ስለዝሞተ፥ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፥ 9 ደቁ ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 24/6/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋቢያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ተኽኣ ኒጋሽ ኣስፋሃ፥ በዓል ቤተይ ጉብረንጉስ ተስፋማርያም ጉብረማስቀል ስለዝሞተ፥ ኣነ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሪዘዋን ዓብደላ ምባል ተረፉ፥ ተስፋም ዓብደላ ኢብራሂም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ወ/ሮ ሰምሃር ዘርኡ ጸጋዩ፥ ተኸሳሲ ኣቶ ሞገስ ሄብቱ ቀሺ ጉብረወልዱ፥ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን27/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፥ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ሉተሰላሴ ተስፋብሩኽ ጉብረማርያም ምባል ተረፉ፥ ሚለን ተስፋብሩኽ ጉብረማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኮኾብ ኣብርሃም ንጉሰ ምባል ተረፉ፥ ሰሊና ኣብርሃም ንጉሰ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣስመረት ሸመንዲ ኣብርሃ ምባል ተረፉ፥ ሰምረት ሸመንዲ ኣብርሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ምሕረት ሸመንዲ ኣብርሃ ምባል ተረፉ፥ ኤልሳ ሸመንዲ ኣብርሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ሩታ እስቲፋኖስ ኣብዩ እስቲፋኖስ ወልደገርግሽ ስለዝሞተ፥ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሰምሰም በርሀ ነ/ፍ ሄዋን ተስፋይ ጭሮም ብውህቡቶ ዝዘበትኒ ዘይንቀሳቐስ ገዛ ይጽደቐለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ማሕዳ ዘርዐይ፥ ተኸሳሲ ኣቶ ቢንያም ጸጋይ፥ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን27/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጾሮና

ጺጋ ወልደገብርኤል፥ በዓል ቤተይ ም/ ተለንተ ማስፍን ኃይም ኣስገዶም ስለዝተሰወአ፥ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፥ 7 ደቁና ደማ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 5/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ዓንሰባ ከረን

ወ/ሮ መኣዛ ክፍላይ ሃይሉ፥ በዓል ቤተይ ሚካኤል ሜካል ዑቕባጽዮን ስለዝሞተ፥ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፥ 3 ደቁና ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ኣቑርደት

ከሳሲት ወ/ሮ ትዕበ ተኽለሃይማኖት፥ ተኸሳሲ ኣቶ ብርሃ ሃገስ ሄብቱ፥ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን28/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ።

ሳልሕ ዌራ መ/ድ እስማዒል፥ ተጸዋዒ ኣቶ ኢብራሂም መ/ድ ኢብራሂም፥ ናይ ስም መኪና ምትሕልላፍ ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን21/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጎልጅ

ከሳሲ ኣቶ ተስፋት ተወልደ ወልደገርግሽ፥ ተኸሳሲት ወ/ሮ ኣሰሊ ዛይድ መንገሻ ናይ ስም መኪና ምትሕልላፍ ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን15/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ቕረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፥ ጉዳይኪ ኣብዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጢ።

## ምልክታ ጨረታ

ዓይነት ጨረታ፦ ጽገና ኣየር ኮንዲሽንን ፍሪጅን
ኣሃዱ፦ ማእከላይ ቤ/ጽ ጨ/ሚ/ጥዕና
ኣርእስቲ ውዕል፦ ዓመታዊ ጽገና

ዓይነት ጨረታ፦ ሃገራዊ ክፉት ጨረታ

ሚኒስትሪ ጥዕና ንዓመተ 2024 ዓ.ም ካብ 01/5/2024 ክሳብ 31/12/24 ዓ.ም ኣብ ዞባ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ማእከላት መደበራት ጥዕናን ሆስፒታል ባጽዕን ንዘርከብ መዐቀቢ መድሃኒት፣ ክታበት፣ ዋርድታት፣ ቤት ጽሕፈትን ኣገልግሎት ዝውዕል ጽገና ኣየር ኮንዲሽንን ፍሪጅን ከዋግርት ስለዝደለና፡ ንሕጋውያን ወሃብቲ ጽገና ይዕድም። (ቅጥዒ መጫረትን ሓበሬታን ካብ ሓፈሻዊ ኣገልግሎት ማእከላይ ቤት ጽሕፈትን ሆስፒታል ባጽዕን ይወስዱ።)
ተጫረትቲ ከማልእዎም ዘለዎም ነጥብታት፦
1.ሚ/ጥዕና ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ዋጋታት ኣገልግሎት ጽገና ብዕሹግ ደብዳበ ከቕርቡ ይዕድም።
2. ጨረታ ንኹሎም ሕጋውያን ኣቕረብቲ ክፉት እዩ።
3. ተጫረትቲ ቅዳሕ ናይ ዓመተ 2019 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒንን ናይ ዓመተ 2023 ክሊራንስን ናይ ኢታዊ ወሸጢ ሃገር መንነትን ወረቐት የቕርቡ።
4.ተጫረትቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ፥ ካብ ቤ/ጽ ሓፈሻዊ ኣገልግሎት ሚ/ጥዕና ሳምሶም ርእሶም ወይ ሄብታይ ርእሶም ቁ.ቴሌ.541263/552598 ናይ ጨረታ ሰነዳትን ሓበሬታን ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ።
5.ብቑዓት ተጫረትቲ፥ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 100.00 (ሚእቲ ናቕፋ) ከፊሎም ክወስዱ ይግባእ።
6. ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ጀሚሩ ማለት ዕለት 3/6/24 ሰዓት 9፡45 ቅ.ቀ ክበጽሕ ኣለዎ። ደንጉዩ ዝቐርብ ጨረታ ይንጸግ። ጨረታ- ተጫረትቲ፥ ሕጋውያን ወከልቲን ክሳተፍ ዝደልዩ ሰባትን ስ ስርዓት ወይ ኣከፋፍታ ጨረታ ክዕዘቡ ዝመጽኡ ሰባትን ኣብ ዝተረኽቡሉ ኣብ ቤ/ጽ ምምሕዳርን ፋይናንስ ጨ/ሚ/ሪ ጥዕና ዞ/ሰ/ቀ/ባሕርን ሆስፒታል ባጽዕን ዕለት 3/6/24 ሰዓት 10፡00 ቅ.ቀ ጨረታ ብግልጺ ይኽፈት።
7. ጨረታ፥ መምርሒ ዕደግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዝእዝዞ መሰረት ይካየድ።
8. ተጫራቲ ነቲ ዝተዓወተሉ ኣገልግሎት ጽገና ብናቱ መጎዓዝያ የመላልሶ። ሚ/ጥዕና ብምሉእ ወይ ብኸፊል ጨረታ ንምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ቤ/ጽ/ጨ/ሚ/ሪ/ጥዕና ዞ/ሰ/ቀ/ባሕሪ
ሓፈሻዊ ኣገልግሎት ጨ/ሚ/ሪ ጥዕና
ሓደሽ ኩትሚያ 3ይ ደርቢ ልዕሊ ቤተማዘር ዞ/ሰ/ቀ/ባሕሪ ቁ.ሳ.ፖ 228 ኤርትራ ምጽዋዕ
ቁ.ቴሌ.541263

ብስራት ንተማሃሮ ማእከላይ ደረጃ

CHECK-UP


ዘርእስታ መጽሓፍ

ንተማሃሮ 6ይ, 7ይ, 8ይ ክፍሊ


ኣብ ዓይነት ትምህርቲ

- እንግሊዝኛ
- ማሕበራዊ ትምህርቲ
- ቍጽሪ
- ትግርኛ
- ስነ-ፍልጠት
- ዜግነታዊ ትምህርቲ

ንዝበለጸ ሓበሬታ፥
07152627 ወይ 07151337 ተወከሱ።




ልዕሊ 7000 ሕቶታት ምስ መልስታቱ



# ስፖርት

ተስፋልደት መብራህቱ

## ግጥማት ኩዕሶ መርበብ ጋሻ ባርካ ተዛዚሙ



ብምኽንያት መበል 33 ዓመት ጽምብል ናጽነት ብፌደረሽን ኩዕሶ መርበብ ዞባ ጋሽ ባርካ ተወዲቡ ኣብ መንጎ 6 ንኡሳን ዞባታት ክካየድ ዝቐጸለ ውድድር ብድሙቕ ተዛዚሙ።

ኣብ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ፈለማ ካብ ዝተጋጠማ ጋንታታት፡ ጋንታ ናጽነት ንጋንታ ጎልጅ 3-0፡ ኣቑርደት ድማ ንጎልጅ ብተመሳሳሊ ወጽኢት 3-0 ክስዕረአን ከለዋ፣ ሃይኮታ ከኣ ንኣቑርደት 3-0 ኣሰኒፋታ።

ኣብ ናይ ደቂ ተባዕትዮ፡ ባረንቱ ንመጋጥምታ ተሰነይ 3-0 ክትረትዓ እንከላ፡ ጎልጅ ከኣ ንኣቑርደት 3-0 ረቲዓታ።

ብ22 ግንቦት ኣብ ዝተኻየደ ውድድር፡ ኣብ ናይ ደቂ ተባዕትዮ፡ ጎልጅ ንተሰነይ 3-0፡ ባረንቱ ንተሰነይ 3-0 ክረትዕአን ከለዋ፡ ኣብ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ድማ ሃይኮታ ንባረንቱ 3-0 ረቲዓታ።

ብ 23 ግንቦት ንክብሰል ናይቲ ውድድር ኣብ ዝተኻየደ ኣብ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ውድድር፡ ሃይኮታ ንባረንቱ 3-02 ክትረትዓ እንከላ፡ ኣብ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ድማ ባረንቱ ንተሰነይ 3-0 ብምስዓር ዕወት'ቲ ናይቲ ቕሳ ኮይና።

ኣብ'ቲ ውድድር ብውልቂ ብሉጽ ጸወታ ዝርኣዩን ብሉጻት ዝኾኑ ኣሰልጠንትን ሽልማት ኣብ ዝተዓደለሉ፣ ብሉጽ ሃራሚ መርሃዊ ፍስሃ፡ ብሉጽ ሰራቢ ሃብቶም ኣብድ፡ ብሉጽ ተኸላኻሊ ያሬድ ሀብታይ ሰለስቲኦም ካብ ጋንታ ባረንቱ ብምዃን ክሽለሙ እንከለዉ፡ ብሉጽ ተወርዋሪ ናኣድ ፍጹም ካብ ጋንታ ጎልጅ፡ ብሉጽ ዓጋቲ ካብ ጋንታ ተሰነይ፡ ብሉጽ ኣሰልጣኒ ናትናኤል ገብረማሰቀል ናይ ጋንታ ባረንቱ ብምዃን ተዓዊቶም።

ብተመሳሳሊ ኣብ ናይ ደቂ ኣስትዮ፡ ብልጽቲ ሃራሚት ሐርያ ዓብዱ፡ ብልጽቲ ሰራቢት ድያና ክፍላይ፡ ብልጽቲ ተኸላኻሊት ሚልየን ክብሮም ሰለስቲኤን ካብ ጋንታ ናጽነት ክኾና እንከለዋ፡ ብልጽቲ ተወርዋሪት ዲቮራ ወረደ ካብ ጋንታ ሃይኮታ፡ ብልጽቲ ዓጋቲት ሰላም ሃይለ ካብ ጋንታ ባረንቱ፡ ብሉጽ ኣሰልጣኒ፡ ዓብዱሰላም መሓመድ ኣድም ኮይኖም ተሸሊሞም።

## ስፖርታዊ ቅነ እዚ ማእከል ብውድድራት ኣትለቲክስ ቀጺሉ

ብ28 ግንቦት ኣብ ከተማ መንደፈራ ብወግዒ ዝተኸፍተ ስፖርታዊ ውድድራት እዚ ማእከል፡ ኣብ ዝሓለፈ ክልተ መዓልታት'ውን ብውድድራት ኣትለቲክስ ቀጺሉ ከም ዝወዓለ ካብ ኽንዳስ ሓበሬታን ናይቲ እዚ ዝረኸብናዮ



ሓበሬታ ኣፍሊጡ፤፡

ኣብ ናይ 10 ሽሕ ጉያ ደቂ ተባዕትዮ

1ይ ሳሙኤል ፍስሃጽ ጂጋይ ጋንታ ዐብል ብ31:58:96

2ይ ኢሳያስ ተስፋሰላሰ ብርሃ ጋንታ ኦማል ብ33:51:42

3ይ መንግስ ፍስሀ ኣለምሰገድ ጋንታ ሂላል ብ33:53:47

4ይ ሙሴ ወልደሚካኤል ሰመረ ጋንታ ዐብል ብ35:09:73

5ይ ገብሩ ምሕረት ካብ ጋንታ ናቕፋ ብ35:



36:03

6ይ መሰስ ሞጐጼን ካብ ጸንዓት ብ35:44:33 ዕወታት ኲይኖም።

ናይ 100 ሜትሮ ደቂ ኣንስትዮ

1ይቲ ሮዳስ ትኩእ ናይ ከሎማ ብ00:15:58

2ይቲ ኣሎም ካሕሳይ ናይ ሂምቦል ብ00:15:99

3ይቲ ዲና ቢንያም ናይ መረብ ብ00:16:20

4ይቲ ንያት መድሃኔ ጋንታ ሂላል ብ00:16:52

5ይቲ ዋለት ፍስሃጽ ጋንታ ዛራ ብ00:16:60

6ይቲ ዓዚዛ ሳልሕ ጋንታ ኣዳል ብ00:16:68

ናይ 100 ሜትሮ ደቂ ተባዕትዮ

1ይ ኣማኑኤል ምሕረተኣብ ጋንታ ናቕፋ ብ00:11:81

2ይ የናስ ሃብቶም ጋንታ ሂላል ብ00:12:10

3ይ ሳዱር ተስፋልደት ጋንታ ኣዳል ብ00:12:11

4ይ ርቢል ዑቕባሚካኤል ጋንታ ደምሒና ብ00:12:22

5ይ ያሬድ ብርሃ ስዩም ጋንታ ዐብል ብ00:12:24

6ይ ኣሚር ሓሰን ጋንታ ከሎማ ብ00:12:72

ናይ 800 ሜትሮ ደቂ ኣንስትዮ

1ይቲ ኣምና ፋይድ ጋንታ ኣዳል ብ02:47:22

2ይቲ ኮኾብ ጸጋዩ ጋንታ ብሪጎን ብ02:50:10

3ይቲ የርዳኖስ ነጋሲ ጋንታ ኣዳል ብ02:52:70

4ይቲ ሊድያ ፍጹም ኤልያስ ጋንታ ኦማል ብ02:53:00

5ይቲ ራሄል ማጆር ፍስሃጽ ጋንታ ሂምቦል ብ02:54:14

6ይቲ ቅሳኑት ስዩም ብርሃ ጋንታ መርሃዊ ብ02:59:62

7ይቲ ሳምራዊት ጸጉ ዑቕባይ ጋንታ ደንደን ብ03:00:18

ናይ 800 ሜትሮ ደቂ ተባዕትዮ

1ይ ፍሊሞን ገብረብርሃን ጋንታ ናቕፋ ብ02:02:03

2ይ ኢሳቕ ወልደሩፋኤል ጋንታ ብሪጎን ብ02:02:94

3ይ ዘርኢት የማን ጋንታ ዐብል ብ02:03:90

4ይ ሳልቫቶረ ናስር ጋንታ ሂላል ብ02:11:66

5ይ ካሕሳይ ተፈሪ ጋንታ ሆምቦል ብ02:12:45

6ይ ያቆብ ኣድም ጋንታ ናቕፋ ብ02:13:48

ዝላ መሬት ደቂ ኣንስትዮ

1ይቲ ኤደን ጂጋይ ናይ ጋንታ ጸንዓት 3.88 ሜትሮ

2ይቲ ኤደን መሓሪ ናይ ጋንታ ኦማል 3.78 ሜትሮ

3ይቲ ዋለት ፍስሃጽ ናይ ጋንታ ዛራ 3.76 ሜትሮ

4ይቲ ብስራት ወልዳይ ናይ ጋንታ ብሪጎን 3.63 ሜትሮ

5ይቲ ቡኪ ፍስሃጽ ናይ ጋንታ ጸንዓት 3.62 ሜትሮ

6ይቲ ልዋም ገብረማርያም ናይ ጋንታ መርሃዊ 3.54 ሜትሮ

ዝላ መሬት ደቂ ተባዕትዮ

1ይ ሰለም መሓመድኪር ናይ ጋንታ ብሪጎን 5.76 ሜትሮ

2ይ ሰለሙን ተስፋማርያም ናይ ጋንታ ደምሒና 5.69 ሜትሮ

3ይ መሓመድ ያቆብ ናይ ጋንታ ዛራ 5.65 ሜትሮ

4ይ ዓብዱ ፈረጅ ናይ ጋንታ ዛራ 5.65 ሜትሮ

5ይ ሳሙኤል ሃብቶም ናይ ጋንታ መረብ 5.61 ሜትሮ

6ይ ዓሊ ዓብደላ ናይ ጋንታ ደምሒና 5.55 ሜትሮ

ዝላ ልዕሊት ደቂ ኣንስትዮ

1ይቲ ልዋም ታደሰ ናይ ጋንታ መረብ

2ይቲ ሓበን በራኺ ናይ ጋንታ መርሃዊ

3ይቲ ሮዳስ ርእሶም ናይ ጋንታ ኣዳል

4ይቲ ሊድያ ፍጹም ናይ ጋንታ ኦማል

5ይቲ ጺጋ ጎይትኦም ናይ ጋንታ መረብ

6ይቲ ሚካል ዓንደም ናይ ጋንታ ሂምቦል

ዝላ ልዕሊት ደቂ ተባዕትዮ

1ይ ርቢል ገዕሽ ናይ ጋንታ መርሃዊ

2ይ ሳልም መሓመድኪር ናይ ጋንታ ብሪጎን

3ይ ሳልሕ ኣድም ናይ ጋንታ ደምሒና

4ይ ዑስማን መሓመድ ናይ ጋንታ ናቕፋ

5ይ የናስ ሃብቶም ናይ ጋንታ ሂላል

6ይ ዓብዱ ፈረጅ ናይ ጋንታ ዛራ

ናይ 1500 ሜተር ደቂ ኣንስትዮ

1ይቲ ኣምና ፋይድ ናይ ጋንታ ኣዳል 05:42:77

2ይቲ የርዳኖስ ነጋሲ ናይ ጋንታ ኣዳል 05:53:21

3ይቲ ኮኾብ ዓንደብርሃን ናይ ጋንታ ሂምቦል 06:01:22

4ይቲ ሰላም ተስፋህይወት ናይ ጋንታ ሂምቦል 06:04:23

5ይቲ ሰላም ብርሃ ናይ ጋንታ ዐብል 06:05:34

6ይቲ ልዋም ዘርኢይ ናይ ጋንታ ከሎማ 06:08:20

ናይ 1500 ደቂ ተባዕትዮ

1ይ ፊልሞን ገብረብርሃን ናይ ጋንታ ናቕፋ 04:17:74

2ይ ኢሳቕ ወልደሩፋኤል ናይ ጋንታ ብሪጎን 04:17:90

3ይ የናስ ክብሮም ናይ ጋንታ መርከብና 04:20:57

4ይ ፍጹም ሓጎስ ናይ ጋንታ ጸንዓት 04:22:20

5ይ ተስፎም ዳዊት ናይ ጋንታ ከሎማ 04:22:89

6ይ ፊልሞን የማን ናይ ጋንታ ጸንዓት 04:29:74

ዳርባ ዲስከስ ደቂ ኣንስትዮ

1ይቲ ሸዊት ኣሚን ናይ ጋንታ ጸንዓት

2ይቲ ኤደን ጂጋይ ናይ ጋንታ ጸንዓት

3ይቲ ፍረወይኒ ክብሮም ናይ ጋንታ ዛራ

4ይቲ ሳምራዊት ብርሃ ናይ ጋንታ ከሎማ

5ይቲ ኮኾብ ኣብራሃም ናይ ጋንታ ዐብል

6ይቲ ሰላም ደበሳይ ናይ ጋንታ ኣዳል

ዳርባ ዲስከስ ደቂ ተባዕትዮ

1ይ ሰለሞን ካሕሳይ ናይ ጋንታ ዐብል

2ይ ሃይለሚካኤል ሞገስ ናይ ጋንታ ከሎማ

3ይ ርቢል ዑቕባሚካኤል ናይ ጋንታ ደምሒና

4ይ ኣስመሮም ኣሚን ናይ ጋንታ ብሪጎን

5ይ ሚልዮን ጎይተኦም ናይ ጋንታ ማይ-ጹብሪ

6ይ ኣድሚስ መንግስተኣብ ናይ ጋንታ ሂላል

ዳርባ ጭማራ ደቂ ኣንስትዮ

1ይቲ ጺጋ ባህታ ናይ ጋንታ ጸንዓት

2ይቲ ትርሓስ ፋንታየ ናይ ጋንታ መርከብና

3ይቲ ሶልያና ወልደኣብ ናይ ጋንታ ከሎማ

4ይቲ ራህዋ ህስቅያስ ናይ ጋንታ ከሎማ

5ይቲ ሊድያ ፍጹም ናይ ጋንታ ኦማል

6ይቲ ፋና ኣስመሮም ናይ ጋንታ ኣዳል

ዳርባ ጭማራ ደቂ ተባዕትዮ

1ይ ሳምሶም ገብረመድህን ናይ ጋንታ ኦማል

2ይ ኣማኑኤል ምሕረተኣብ ናይ ጋንታ ናቕፋ

3ይ ፊልሞን ዘሙይ ናይ ጋንታ ከሎማ

4ይ ኢሳቕ የውሃንስ ናይ ጋንታ ዐብል

5ይ ሰለሙን ተስፋማርያም ናይ ጋንታ ደምሒና

6ይ ናትናኤል መድሃኔ ናይ ጋንታ ዛራ

ዳርባ ዓረር ደቀ'ንስትዮ

1ይቲ ሸዊት ኣሚን ናይ ጋንታ ጸንዓት

2ይቲ ሳምራዊት ብርሃ ናይ ጋንታ ከሎማ

3ይቲ ፍረወይኒ ክብሮም ናይ ጋንታ ዛራ

4ይቲ ኤደን መሓሪ ናይ ጋንታ ኦማል

5ይቲ ሶፍያ ዑስማን ናይ ጋንታ ዛራ

6ይቲ ልዋም ገብረማርያም ናይ ጋንታ መርሃዊ

ዳርባ ዓረር ደቂ ተባዕትዮ

1ይ ሰለሞን ካሕሳይ ናይ ጋንታ ዐብል

2ይ መልኣከ በላይ ናይ ጋንታ መርሃዊ

3ይ ዑቕባይ መድሃኔ ናይ ጋንታ ኣዳል

4ይ ኡዝበር እድሪስ ናይ ጋንታ ዛራ

5ይ ኣማኑኤል ወልዱ ናይ ጋንታ ጸንዓት

6ይ ትኩእ ገብረኪዳን ናይ ጋንታ ከሎማ

## መደብ ጸወታ

ሎሚ
ግጥም ፍጻመ ሻምፕዮንስ ሊግ
ሰዓት 10:00 ምሸት
ዶርቱሞንድ ምስ ሪያል ማድሪድ

## ውድድር ባድሚንተን ዞባ ማእከል ኣብ መዛዘሚ በጺሑ

ፌደረሽን ባድሚንተን ዞባ ማእከል ብምኽንያት ጽምብል መበል 33 ዓመት መዓልቲ ናጽነት ክካየዶ ዝጀመሐ ውድድር፡ ጸባሕ ሰንበት ኣብ ጂምናዝዮም ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ (ደንደን) ክዛዘም ምዃኑ ህዝባዊ ርክባት ናይቲ ፌደረሽን ሓቢሩ። እዚ ውድድር ኣብ ሰለስተ ካታጎሪታት ማለት ኣብ ናይ ትሕቲ 15 ዓመት፡ ትሕቲ 18 ዓመትን ልዕሊ 18 ዓመትን ተኸፋፊሉ'ዩ ዝካየድ ዘሎ። ብፍላይ ኣብ ዝሓለፈ ሰለስተ ወርሒ፡ ስሙናዊ ብወለንታውያንን ምኩራትን መማህራን ክስልጥኑ ዝቖጹ ናይ ትሕቲ 15 ዓመት ተወዳደርቲ ዘርኣይዎ ተወዳዳርነት ዝሐኣድ ከም ዝነበረ እቲ ዝረኸብናዮ ሓበሬታ የረድእ።



ኤቨንኤዘር ሙሴ ምስ ነቢ ኢሳይያስ፡ ኤልሻዳይ ሙሴ ምስ ኢያቤድ መድሃኔ ኣብ ዝገበርዎ ጸወታ፡ ነቢ ኢሳይያስን ኢያቤድ መድሃኔን ንመጋጥምቶም 2-1 ብምርታዕ ናብ ናይ መዛዘሚ ጸወታ ኣማዕደዮም ደርኒቦ። ኣብ ናይ ደቀንስትዮ ሊንዳ ከሰተ ምስ መርየም መ/ብርሃን ሓየት ኢብራሂም ከኣ ምስ ሉልያ ብርሃ እየን ተራኺበን። እቲ ግጥም ድማ ብዓወት ሊንዳ ከሰተን ሓየት ኢብራሂምን 2-0 ተዛዚሙ።

ኣብ ናይ ትሕቲ 18 ዓመት ናይ ደቂ ኣንስትዮ ደሊና ሊቨልን ሆሳእና ዳዊትን ንመጋጥምተን ሪም ረድኢን ኔልዳና ግርማይን ብተመሳሳሊ ወጽኢት 2-0 ብምርታዕ ናብ መዛዘሚ ሓሊፈን ብምህላወን ጸባሕ ሰንበት ኣፍቀርቲ ናይዚ ውድድር ንርክብ ናይዘን ክልተ ተወዳደርቲ ብሃንቀውታ ይጽበይዎ ኣለዉ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብ ናይ ልዕሊ 18 ዓመት ናይ ደቂ ኣንስትዮ ውድድር ሪም ሓይልኣብ (መኸተን) ዳናይት ቢንያም (ማእከል)ን ንመጋጥምተን 2-0 ብዘሸነፋ ወጽኢት ረቲዐን ናብ መዛዘሚ በጺሐን ኣለዋ። ብወገን ደቂ ተባዕትዮ ግን ሎሚ ቀዳም ብዝካየዱ ጸወታታት'የም እቶም ናብ ፍጻመ ዝበጽሑ ተወዳደርቲ ክፍለጡ። ኣብ ናይ ጽምዲ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ውድድር፡ ናይ ክለብ መኸተ ሪም ሓይልኣብን የርሳሌም ገ/ጊርግሽን ምስ ናይ ክለብ ማእከል ዳናይት ቢንያምን ፊቨን ሃይለን እየን ዋንጫ ናጽነት ንምዕታር ክገጥማ።

# ዜና ወጻኢ

ተስፋኣለም የማነ

## ህንዲ - ብርቱዕ ዋዒ ሰባት ክቐትል ጀሚሩ



ኣብ ምብራቓዊ ህንዲ ተኸሲቱ ብዘሎ ብርቱዕ መቐት ብዙሓት ሰባት ይሞቱ ከምዘለዉ፡ ካብታ ሃገር ዝተፈነወ ዜና ኣመልኪቱ።

ሰቡመዚ መንግስቲ ህንዲ ትማሊ ዓርቢ ኣብ ዘሕለፎ ሓበሬታ፡ በቲ ተፈጢሩ ዘሎ ብርቱዕ ዋዒ ዝሓለፈ ሓሙስ ጥራሕ ብውሕዱ 29 ሰባት ከምዝሞቱ ሓቢሮም።

ኣብዚ ሰሙንዚ መጠን መቐት ናይቲ ከባቢ ክሳብ 52.9 ዲግሪ ሰንቲግሬድ ከምዝበጽሐ ዝሓበሩ እቶም ሰበመዚ፡ እቲ መቐት ብሕጂውን ንገለ መዓልታት ናይ ምቕጻል ተኽእሎ ስለዘሎ፡ ኣብ ህይወት ሰብ ዘውርዶ ክሳራ ከይብኢስ ስጉኣት ከምዘሎ ኣረዲኦም።

ኣብታ ጉረቤት ህንዲ ዝኾነት ፓኪስታንውን ዝሓለፈ ሰሙን 52.2 ዲሰ ዝጸቕጡ መጠን መቐት ከምእተመዝገበ ኣገልግሎት ሜትሮሎጂ'ታ ሃገር ይገልጽ።

ብሓፈሻ ኣብ ሓያለ ሃገራት ኤስያ ተኸሲቱ ብዘሎ ልዑል መጠን መቐት፡ ንስለታዊ መሳብርቲ ብቢልዮናት ዝቑጸሩ ዜጋታት ብኣሉታ ጸልዩዎ ከምዘሎ እቶም ጸብጻባት ዘመልክቱ።

ጠንቂ ናይዚ ኣብ ሃገራት ኤስያ ዝርአ ዘሎ ብርቱዕ መቐት፡ እቲ ብደረጃ ዓለም እናወሰኸ ዝኸይድ ዘሎ መጠን ብከለ ኣየር ምዃኑ ሊቃውንቲ ናይቲ ዓውዲ ይሕብሩ።

ህንዲ ድማ ብደረጃ ዓለም እታ ናብ ህዋ ዝለዓለ መጠን በከልቲ ጋዝ እትተፍእ ሳልሰይቲ ሃገር ከምዝኾነት ይንገር።

## ባይደን፡ ዩክሬን ኣጽዋር ኣመሪካ ተጠቒማ ኣብ መሬት ሩስያ ከተጥቅዕ ፈቒዱ



ፕረዚደንት ኣመሪካ ጆ ባይደን፡ ዩክሬን ካብ ኣመሪካ ብሓገዝ ንዝተዋህበ ኣጽዋር ተጠቒማ ኣብ ወሽጢ ሩስያ ንዝርከብ ወተሃደራዊ ዕላማታት ክትወቅዕ ከምዝፈቐደላ ተገሊጹ።

ሓደ ስሙ ክጥቀስ ዘይደለየ ኣመሪካዊ ብዓልስልጣን ትማሊ ዓርቢ ንበቢሲ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ዩክሬን ንኣጽዋር ኣመሪካ ኣብቲ ምስ ዞባ ካርኪቭ ጥራሕ ዝዋሰን ግዝኣታት ሩስያ ንዝርከብ ወተሃደራዊ ዕላማታት ክትድብድበሉ ተፈቒዱላ ከምዘሎ ሓቢሩ።

ፕረዚደንት ጆ ባይደን ዚ ፍቓድዚ ዝሃበ ዘሎ፡ መራሕቲ ጀርመንን ፈረንሳን፡ ዩክሬን ካብተን ሃገራት ንዝተቐበለቶ ኣጽዋር እንተላይ ኣብ ወሽጢ ግዝኣት ሩስያ ንዝርከብ ዕላማታት ክትድብድበሉ ከምእትኽእል ድሕሪ ምግላጾም እዩ።

ኣባላት ኔቶ ዝኾና ፖላንድ፡ ላቲቪያ፡ ኖርወይን ፊንላንድን እውን ተመሳሳሊ ፍቓድ ሂበን ከምዘለዋ ክፍለጥ ተኻኢሉ ኣሎ።

እዚ ይኹንምበር፡ ከም ሃንጋሪን ኢጣልያን ዝኣመሰላ ኣባላት ሕብረት ኤውሮጳ ዝኾና ሓያለ ሃገራት፡ ነቲ ብጀርመን፡ ፈረንሳ፡ ፖላንድ፡ ኣመሪካን ካልኦት ሃገራትን ተወሲዱ ዘሎ ስጉምቲ ብትሪ ብምቅዋም፡ ናብ ዩክሬን ዝልኣኽ ኣጽዋር ኣብ ወሽጢ ሩስያ ንምጥቃዕ ከይውዓል ፈጺመን ከምዘይፈቕዳ ኣፍሊጠን ኣለዋ።

ኣመሪካን ሰዓብታን ዚ ፍቓድዚ ዝሃባ ዘለዋ፡ ሰራዊት ዩክሬን ዳርጋ ኣብ ኩሉ ግንባራት ንመጥቃዕቲ ሓይልታት ሩስያ ምጽዋር ስኢኑ ንድሕሪት ኣብ ዝንሳሓበሉ ዘሎ እዋን'ዩ። እንተኾነ እቲ ስጉምቲ ንምጅጣት ዩክሬን ማለሱ ካብ ምዝህዛር ሓሊፉ ነተን ሃገራት ምስ ሩስያ ናብ ቀጥታዊ ግጭት ከየእትወን ኣዝዩ ዘሻቕል ምዃኑ ነቲ ኩነታት ብቐረባ ዝከታተሉ ተንተንቲ ፖለቲካ የመልክቱ።

ደሮውን ሩስያ እቲ ስጉምቲ ሓደገኛ ሳዕቤን ክህልዎ ምዃኑ ኣጠንቂቓ ኣላ።

## ትራምፕ፡ ብዝቐረበሉ ክስታት "ገበነኛ" ተባሂሉ

ፕረዚደንት ኣመሪካ ነበር ዶናልድ ትራምፕ፡ ብዝቐረብሉ 34 ክስታት "ገበነኛ" ተባሂሉ ከምእተፈረደ ምንጭታት ዜና ሓቢሮም። ንዝመጽእ 11 ሓምለ ድማ መቕጻዕቲ ክበየነሉ ምዃኑ ተገሊጹ ኣሎ።

ሓያሎ ክስታት ቀሪቡሉ ናብ ቤት ፍርዲ ክመላለስ ዝጸንሐ ዶናልድ ትራምፕ፡ ኣብቲ ዝሓለፈ ሰሉስ ዝወዓለ መጋባእያ ቤት ፍርዲ ኒውዮርክ፡ ገበነኛ ተባሂሉ ከምእተበየነሉን፡ በዚ ዝተቖጥዐ ትራምፕ ብወገኑ ነቲ መጋባእያ "ዘሕንኽ" ክብል ከምዝገለጾን ተፈሊጡ። ናይ "ድግባይ" ጥርዓን ከቕርብ ከምዝኽእል'ውን ነቲ ጉዳይ ቀረባ ዝኾኑ ወገናት ኣሚቶም።

እቲ ቤት ፍርዲ ንጉዳይ ትራምፕ ከጻርዮ ድሕሪ ምጽናዑ፡ ኣብ መወዳእታ 12 ኣባላት ደያንቲ ኩሉ ከምዝበየነ ብምሉኦም ድማ ገበነኛ ኢሉም ከምዝወሰኑ ተፈሊጡ። በዚ ምኽንያት፡ ኣብቲ ዝቕጽል ቈጸራ (11 ሓምለ)፡ ናይ ማእሰርቲ ወይ ናይ ገንዘብ መቕጻዕቲ ክወሰኖሉ ከምዝኽእል'የም ክኢላታት ሕጊ'ታ ሃገር ዝሕብሩ።



ክስታት ትራምፕ፡ ምድንጋር ንግዳውያን ሰነዳት፡ ምስጢራዊ ምኽፋል ገንዘብ (Hush money) ንተዋሳኢት ፊልም ስቶርሚ ዳኒኤልስ ካልእን ዝጠቓለለ ኮይኑ፡ ኣብ ኣመሪካውያን ኣድመጽቲ ንዘጽንሖ ተቐባልነት ከጉድሎ ከምዝኽእል ምንጭታት'ታ ሃገር ይግምቱ።

ኣብቲ ኸሸፍሸተ ሰሙን ዝቐጸለ ማሰርሒ ፍርዲ ዶናልድ ትራምፕ፡ 22 መሰኻኽር ቀሪቦም ነይሮም።

እቲ ፍርዳዊ ማሰርሒ ዶናልድ ትራምፕ ከምዝብሮ ዝተገልጸ ዘይስነምግባራዊ ኣካይዳ ጥራይ ዘይኮነ ናይ ሓሶት ሰነዳት ምጽንሑ እውን ዘቃልዕ ምዃኑ'ዩ ተሓቢሩ።

ኣብ ዝመጽእ ሕዳር ኣብ ዝካየድ ፕረዚደንታዊ ምርጫ ኣመሪካ፡ ንጆ ባይደን ሰዒሩ ክዕወት ተስፋ ዝገበረ ትራምፕ፡ ብቤት ፍርዲ "ገበነኛ" ተባሂሉ ብምህላዉ መደባቱ ክተዓናቐፍ ከምዝኽእል እዮም ተንተንቲ ዘረድኡ።

ትራምፕ፡ ኣብ ታሪኽ መራሕቲ ኣመሪካ ናይ ፈለማ ገበነኛ ኮይኑ ብምርካቡ፡ ደገፍቱን ተቓወምቱን ዝመጽእ 11 ሓምለ ንዝወሃቦ ናይ መቕጻዕቲ ብይን ንምስማዕ ብሃንቀውታ ክጽበዩ ጀሚሮም ከምዘለዉ፡ ማዕከናት ዜና ኣመሪካ ይሕብራ።

## የመን - ብመጥቃዕቲ ኣየር ኣመሪካን ብሪጣንያን ብዙሓት ሰባት ተቐቲሎም



ኣየርቲ ኣመሪካን ብሪጣንያን ዝሓለፈ ሓሙስ ንዕጡቓት ሑቲ ንምጥቃዕ ኣብ የመን ብዘካየድኦ ደብዳብ፡ ብውሕዱ 16 ሲቪላውያን ሰባት ከምዝተቐትሉን ካልኦት 42 ከምዝቖሰሉን ተገሊጹ።

እቶም ዕጡቓት ትማሊ ዓርቢ ኣብ ዘርጋሕዎ ሓበሬታ፡ እቲ ደብዳብ፡ ኣመሪካን ብሪጣንያን ኣንጻርም ወተሃደራዊ ወፍሪ ካብ ዘኻየዳ ንደሓር እቲ ዝለዓለ ሰብኣዊ ክሳራ ዘስዓበ ፍጻመ ኮይኑ ከምዘሎ ሓቢሮም።

ኣስማቶም ክጥቀስ ዘይደለዩ ሰለስተ ሰበ-መዚ ኣመሪካ ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ ድማ፡ እቲ መጥቃዕቲ - ኣብ ትሕተ-ባይታ ንዝርከብ ወተሃደራዊ መሳለጥያታት፡ መወንጨፊ ሚሳይላት፡ መኽዘን መቆጻጸሪን ስፍራታት፡ ከምኡ ድማ ንወተሃደራውያን ጀላቡ እቶም ዕጡቓትን ካልኦት መሳለጥያታትን ዕላማ ዝገበረ ከምዝነበረ ኣረዲኦም።

ንሳቶም ወሲኾም፡ እቲ ደብዳብ፡ ግብረ-መልሲ ናይቲ ዕጡቓት ሑቲ ኣቐዲሞም ኣብ ማያት ቀይሕ-ባሕርን ወሽመጥ ዓደንን ኣብ ልዕሊ ንግዳውያን መራኽብ ሃገራት ምዕራብ ዘካይድዎ ናይ ሚሳይል መጥቃዕቲ ከምዝኾነ ሓቢሮም።

ዕጡቓት ሑቲ ግን፡ ሓደ ካብቲ ዝተፈጸመ ደብዳብ - ኣብ ወደባዊት ከተማ ሑደይዳ ንዝርከብ ህንጻ መደበር ሬድዮን ካልእ መንበሪ-ኣብያቲ ሲቪላውያን ሰባትን ዕላማ ዝገበረ ምንባሩ ብምግላጽ፡ ከቢድ ቃዛ ዝፈጠረ ግብረ-መልሲ ክህቡሉ ምዃኖም ኣጠንቂቖም።

ንሳቶም፡ እስራኤል ኣብ ልዕሊ ፍልስጤማውያን እተካይዶ ዘላ ደብዳብ ደው ክሳብ ዘብለቶ፡ ነቲ ኣብ ልዕሊ ብሓያዊ ማሰመር ቀይሕ ባሕሪ ዝመላለሳ ንግዳውያን መራኽብ እስራኤል፡ ኣመሪካ፡ ብሪጣንያን ካልኦት ምስ እስራኤል ዝደናገጻ ሃገራት ምዕራብን ዘካይድዎ ዘለዉ መጥቃዕቲታት ፈጺሞም ከምዘየቋርጽዎ እዮም ደጋጊሞም ዝሕብሩ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ እቶም ዕጡቓት ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ንእትርከብ ዓሰርተታት ነፈርቲ-ውግእ ዝተሸከመት 'USS Eisenhower' ዝተሰምየት ደርማስ ወተሃደራዊት መርከብ ብባለስቲክ ሚሳይል ከምዘጥቅዑ፡ ትማሊ ዓርቢ ድቃትሪ ኣብ ዝሃብዎ መግለጺ ኣፍሊጦም። እንተኾነ ነቲ መጥቃዕቲ ዝምልከት ዝርዝራዊ ሓበሬታ ክህቡ ኣይከኣሉን።

## 'ካብ ኣፍሪቃ ብዙሕ ወርቂ ብዘይሕጋዊ መንገዲ ንደገ ይወጽእ ኣሎ' ተባሂሉ

ካብ ኣፍሪቃ ዓመታዊ ብልዮናት ዶላር ዝዋግኡ ወርቂ ብዘይሕጋዊ መንገዲ ናብ ደገ ይወጽእ ከምዘሎ፡ ዝበዝሕ ካብኡ ድማ ኣብ ሕቡራት ኢማራት ዓረብ ተጻርዩ ተመስሪሑን ናብ ዕዳጋታት ዓለም ከምዝዝርጋሕ፡ ሓደሽ መጽናዕታዊ ጸብጻብ ኣመልኪቱ።

እቲ ዝሓለፈ ሓሙስ 'ስዊዝኤይድ' ብዝተባህለ ትካል ዝተዘርግሐ መጽናዕታዊ ጸብጻብ ከምዝሕብሮ፡ ኣብ 2022 ጥራሕ፡ ኣብ ዕዳጋ ልዕሊ 30 ቢልዮን ዶላር ክወጽእ ዝኽእል ልዕሊ 435 ሜትሪክ ቶን ወርቂ ካብ ኣፍሪቃ ብኮንትሮባንዳ ክወጽእ ክኢሉ።



ቀንዲ ተቐባሊት ናይዚ ዘይሕጋዊ ወርቂ ድማ ሕ.ኢ.ዓረብ፡ ቱርክን ስዊዘርላንድን ከምዝኾና፡ እቲ ጸብጻብ ይጠቅስ።

እቲ ጸብጻብ ወሲኹ፡ ካብ 32% ክሳብ 41% ዝኣክል ካብቲ ኣብ ኣፍሪቃ ዝፈሪ ጠቕላላ ምህርቲ ወርቂ፡ ብወግዒ ከምዘይግለጽ ይሕብር።

ኣብ 2022፡ ኣስታት 405 ሜትሪክ ቶን ካብቲ ብወግዒ ዘይተገልጸ ወርቂ ናብ ሕ.ኢ.ዓረብ ከምርሕ እንከሎ፡ ኣስታት 21 ሜትሪክ ቶን ድማ ናብ ስዊዘርላንድ ተጓሪቱ - ብመሰረት እቲ ጸብጻብ።

እዚ ከኣ፡ ኣብ ንግዲ ወርቂ ኣፍሪቃ ግሉጽነት ከምዝጎደለ ዘርኢ ምዃኑ የረድእ።

እቲ ጸብጻብ ከምዝሕብሮ፡ ኣብ 2022፡ ጋና ኣብ ኣፍሪቃ እታ ዝበዝሐ መጠን ወርቂ ዝፍረየት ሃገር ነይራ። ማሊን ደቡብ ኣፍሪቃን ድማ ብቕደም ተኸተል ደድሕሪኣ ይስዕባ ነይረን።

ኣብ ኣፍሪቃ ረብሓታታ ንምርግጋጽ ምስ ዓበይቲ ሓይልታት ዓለምና ትቑረቖስ ምህላዋ ዝነገረላ ሕ.ኢ.ዓረብ፡ ካብ 2012 ክሳብ 2022 ኣብ ዘበረ 10 ዓመታት፡ ኣስታት 115 ቢልዮን ዶላር ክወጽእ ዝኽእል 2,569 ሜትሪክ ቶን ወርቂ ካብ ኣፍሪቃ ብዘይሕጋዊ መንገዲ ከምዝኣተወት፡ እቲ ጸብጻብ ይጠቅስ።


| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ. |
| --- | --- | --- | --- |
| ፋርማሲ ኤደን | 1/06/2024 | ከባቢ ዩኒቨርሲቲ ጥቓ ባርለድያ | 110750 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ    ቁ.ቴሌፎን 127565